# ALL NATIONS GOSPEL PUBLISHERS



Copyright ANGP

www.angp-hb.co.za

info@angp.co.za

*TIGRINYA Heart Book*

# ልቢ ሰብ

## ወይ ድማ

## መንፈሳዊ ናይ ልቢ መስትያት (ብዓሰርተ ምሳሌ ስእልታት ዝተገልጸ)

እዚ ንእሽቶ ፅሑፍ፡ ብመጀመርታ ኣብ ዓዲ ፈረንሳይ ብ1732 ኣ.ፈ. ተፃሒፉ፡ ድሓር ከኣ ጀ.ኣር. ጌሽወንድ ብዝተባህሉ ቐሺ ብ1929 ኣ.ፈ. ወንጌል ንህዝቢ ኣፍሪካ ምእንቲ ክበፅሕ ንምሕጋዝ ከምብሓድሽ ተማሓይሻ ተጻሕፈት። ድሕሪዝው'ን በብእዋኑ ልዕሊ 250 ብዝሽውን ቋንቋታት እንዳተተርጉመት፡ ኦል ኔሽንስ ጉስፐል ፓብሊሸርስ (ሕትመት ወንጌል ንኹሉ ሃገራት) ብዝተባህለ ኣብ ደቡብ ኣፍሪካ ብዝርከብ ክርስቲያናዊ ድርጅት፡ ኣብ 127 ሃገራት ኣብ ምስርጫው ትርከብ። ብዙሕ ተፈላለየ ቋንቋታት ዝዛረቡ፡ በብዓይነቱ ሃይማኖት ዘለዎም ህዝብታት፡ ብዚኣ መፅሓፍ እዚኣ ሓገዝ፡ ዕሙቕናብ ዝኾነ መንፈሳዊ ፍልጠትን ሓቅን እናተመርሑ ይርከቡ። እዚ ከኣ ቅድሚ ጉይታ እየሱስ ምላዱ 586 ዓመት ኣቢሉ፡ ከምቲ ብትንቢት ህዝቅኤል ምዕ.36 ቁ.26 ክሳብ 28 ዝተተንበየ ናይ ኣምላኽ መልእኽቲ ንደቂ ሰባት፡ ምፍጻሙ እዩ። «ሓድሽ ልቢ ድማ ክህበኩም፡ ሓድሽ መንፈስ ከኣ ክሕድረልኩም፡ ናይ እምኒ ልቢ ካብ ስጋኹም ከወጽእ፡ ናይ ስጋ ልቢውን ክህበኩም እየ። ንመንፈሰይ ኣብ ውሽጥኹም ክሕድር፡ ብትእዛዘይ ከመላልሰኩም፡ ፍርደይ ክሕልወኩምን ክገብረኩምን እየ። ... ህዝቢ ኻኣ ክትኮኑኒ ኢኹም፡ ኣነውን ኣምላኽ ክኾነኩም እየ።»

ህዝ. 36፥26-28

**COPYRIGHT**

ISBN 1 - 874934 - 29 - 0

E-MAIL: info@angp.co.za

**ALL NATIONS GOSPEL PUBLISHERS**

P.O. Box 2191, PRETORIA, 0001, R.S.A.

(A Gospel Literature Mission financed by donations)

(Reg. No. 1961/001798/08)

Copyright ANGP

# ልቢ ሰብ

## መቕደስ ናይ ኣምላኽ

## ወይ ከአ

## መሕደሪን መገልገሊን ሰይጣን (1ይቲ ዮሃ.3፥4-10)

ነዚአ ንእሽቶ መፅሓፍ ክነንብባ ከሎና: ኣብ ሕሊናና ክንሕዞን ክነስተውዕሎን ዝግባእ: ከም መስትያት ንመንነትናን ውሽጢ ሰብነትናን ክንሪኢ ከምንኽእል እዩ። ወላ እኳ እምነት ዘይብልና ሰባት እንተኾንና: ወይ ድማ ክርስቲያን እንተኾንናውን: ካብ እምነት ክርስትና ንድሕሪት ዝተመለስና ወይ ድማ ብሽም ክርስትና ጥራሕ ንመላለስ እንተኾንና: ነዚአ መፅሓፍ ክነንብብ ኸሎና: ኣምላኽ ብዝሪኤና ርእይቶ (ኣረኣእያ) ነፍስና ክንሪኢ ንጅምር። «ሰብ ነቲ ኣብ ቅድሚ ዓይኑ ዘሎ እዩ ዝሪኢ: እግዚኣብሄር ግና ልቢ እዩ ዝሪኢ» 1ሣይ ሳሙ. 16፥7 ኣምላኽ ዝሪኤና ከምቲ ውሽጥና ዘሎ ሓቀኛ መንነትና እዩ።

ሸይጣን ኣቦ ኩሉ ሓሶት እዩ። ኣብ ልዕሊ እዚ 'ውን ልኡል ናይ ፅልመትን: ኣምላኽ ናይ እዚአ ንሪአ ዓለምን ክኸውን ከሎ: ግዳኸ ከም መልኣኽ ብርሃን መልክዑ እናለዋወጠ ንደቂ ሰባት ዘስሕትን ናብ እኩይ ግብርታት ዝመርሕን እዩ። ከምቲ ቐደም ዝነበረ ኣብ ቀረባ እዋናት'ውን: ብዙሓት ሰባት ሓሰውቲ ሃዋርያት ኮይናም ከለዉ ከም ሓቀኛ ሰዓብቲ ክርስቶስ ይመስሉ። ሰይጣን እኳ ንርእሱ ንመልኣኽ ብርሃን የምስል እዩ እም: እዚ ኣይገርምን እዩ። (2ይቲ ቆር 11፥13-14) ሸይጣን ሰባት ንፍቕሪ ሓቀኛ ኣምላኽ ሰማይን ምድሪን ከይርድኡን: ምእንቲ ሓጢኣቶም ዝሞተሎም መድሓኒት ክርስቶስ ከምዘለዎም ከየስተውዕሉ: ኣዒንቶም ዓዊሩ ኣብ ፀልማት ሒዝዎም ይርከብ። (2ይቲ ቆር. 4፥4) ኅጥኣን ኩሎም እምነት ዘይብሎም ኩሎም ብኣመለኻኽታ ኣምላኽ ብመንፈስ ሙታትን ዕውራትን እዮም። ኣብ ልዕሊ እዚ ድም እዞም ረሲኣን ኩሎም ብኽፉእ ሓይልታት እዛ ዓለም እዮም ዝምርሑ። (ኤፌ.2፥1-2) ስለዚ ብዝኾነ መገዲ ኣዒንቶም በሪሁ ጥፉኣትን መርገም ዝተሰከሙን ምኳናም እንተድአ ዘይሪኦም: ግድነት ናብ መወዳእታ ዘይብሉ ፍርዲ ኣምላኽ ናብ ዘለኣለም ስቓይ ይጉዓዙ ኣለዉ ማለት እዩ።

Copyright ANCP

ኣነ እኳ ፈጺመ ሓጢኣት የብለይን! ዝብል ሰብ እንተሎ ንርእሱ እዩ ዘዕሹ። ምኽንያቱ «ሓደ እኳ ጻድቕ የልቦን» ዝብል ቃል ኣብ መፅሓፍ ቅዱስ ተጻሒፉ ንረክብ። ስለዚ «ወዲ ኣምላኽ ከኣ ግብሪ ዲያብሎስ ምእንቲ ኪፍርስ ኢሉ እዩ ነዚ እተገልጸ: (1ይቲ ዮሃ.3፥8) ይብል ቃል እግዚኣብሄር። እምበኣርሲ ንኣምላኽ ተገዝእዎ ንዲያብሎስ ግና ተጻረርዎ እሞ ንሱ ካባኻትኩም ክሃድም እዩ። ንኣምላኽ ቕረብዎ ንሱው'ን ክቐርበኩም እዩ።» (ያእ.4፥7-8)

ክቡራት ኣንበብቲ: (ነበብቲ) ነኢ'ዛ መፅሓፍ ብምስትውዓል ከተንብቡ ከለኹም ንነፍሲ ወከፍ ውሽጢ ልብኹም ብግልጺ ክትሪኡ ትጅምሩ። ንኣምላኽ ከብርሀልኩም ውሽጢ መንነትኩም ክትሪኡ ከኽእለኩም ፍቓድ ሃብዎ: ከምኡ ኸኣ ለምንዎ። ድሕሪዚ ድማ ሓጢኣት ምግባርኩም እሙኑን ናብ ኣምላኽ ተናዘዙን። ከምቲ ቃል እግዚኣብሄር ዝበሎ ሓጢኣት የብልናን: እንተበልና: ንርእስና ንጥብራ ኣሎና: እታ ሓቂውን ኣባና የላን። ሓጢኣትና እንተተናዘዝና ንሓጢኣትና ይቕረ ኪብለልና: ካብ ኩሉ ዓመጻውን ኪንጽህና እሙንን ጻድቕን እዩ። ሓጢኣት ኣይገበርናን: እንተበልና ሓሳዊ ንገብር: ቃሉውን ኣባና የሎን። (1ይቲ ዮሃ.1፥7-10) ደም እየሱስ ወዱውን ካብ ኩሉ ሓጢኣት የንጽህና እዩ።

ወይ ኣብ ትሕቲ ግዝኣት ኣምላኽ: ወይ ድማ ኣብ ትሕቲ ግዝኣት ሸይጣን ምዃንኩም ምፍላጥን ምርግጋፅን ኣድላይ ቅውም ነገር እዩ። ሓጢኣት እንድሕር ዝስዕረኩም ኮይኑ: ኣይትሕብኡ ናብ ኣምላኽ ከንጽሀኩም ኣእውዩን ንበዑን። እግዚኣብሄር ከኣ ንሓጥኣን መታን ኪድሕን ብዝመፅወዱ ኣቢሉ ሓራ ከውፅኣኩም እዩ: ኣሜን! ንሱ መድሕንና እዩ: ኩሉ እዋናት ኣብ ቅድሚ እቲልቢን ኩሊትን ዝምርምርን: ብሕቡእ ዝተገብረ ኹሉ ዝጥምትን ዘፈልጥን ቕዱስ ኣምላኽ ከምንቐውም ኣይንረስዕ። ሓሳባትና ግብርናን ዘረባናን ካብኡ ንኽንሓብእ ምፍታን ዓቢ ዕሽነት እዩ። ዳዊት ብመዝሙሩ «እዝኒ ዝተኸለስ ኣይሰምዕንዶ: ዓይኒ ዝፈጠረ ኣይርእንዶ እዩ» ይብል (መዝ.94፥9) «ነቶም ፈጺሙ ልቦም ናብኡ ዜጽጋዕ: ምእንቲ ኪጽንዖምሲ: ኣዒንቲ እግዚኣብሄር ናብ ብዘላ ምድሪ እየን ዝዘራ።» (2ይ ዜና መዋ. 16፥9) «ኣዒንቱ ኣብ መገዲ ሰብ እየን እሞ: ንኹሉ ስጉምቱም ይርእዮ እዩ: እቶም ገበርቲ ሓጢኣት ዝሕብኡሉ ጸልማት: ወይስ ድነ ሞት የልቦን:» (ኢዮ.34፥21-22) «የሱስ ግና ኣብሰብ ዘሎ ባዕሉ ይፈልጥ ስለዝነበረ ሓደ እኳ ብናይ ሰብ ክምስክረሉ ኣየድልዮን: ንኹሎም ይፈልጦም ነበረ እሞ ኣይኣምኖምን» (ዮሃ.2፥24) ስለዚ ኣበሳኡ እተሓድገሉ: ሓጢኣቱ እተሰወረሉ ሰብ ብጹእ እዩ።

Copyright ANGP

እግዚኣብሄር በደሉ ዘይጽብጽበሉ: ኣብ መንፈሱ'ውን ልግሚ ዘይብሉ ሰብ ብጹእ እዩ። (መዝ.32፥1-2፤ ማቴ.11፥28-30)

## ትርጉም ምሳሌ ቀዳማይ ስእሊ

ኣብ ቀዳማይ ስእሊ ዝርአይ ነገራት ናይ ዓለማዊ ሰብ ልቢ ምሳሌ እዩ። ዘይኣማኒ ወይ ከኣ ካብ እግዚኣብሄር ርሒቑ ብሓጢኣት ዝመላለስ ሰብ: ሰብኣይ ኮነ ሰበይቲ: ብመፅሓፍ ቅዱስ ኣባህላ ሓጥእ ይብሃል። ከምዚ ዝመሰለ ልቢ ዘለዎ ሰብ: ብኽፉእ ሓይልታት እዛ ዓለም ዝምራሕ ስለዝኾነ: ክፉእ ትምኒትን ሓሳባትን ኣለዎ: ዝትምነዮን ዝሃርፎን ዘበለ ኹሉ ስጋዊ ነገራት ጥራሕ እዩ። እዚ ስእሊ ብዓይኒ ኣምላኽ ኣራኣእያ ብትኽክል ምሳሌ ልቢ ሓጥእ እዩ። ኣዒንቱ ቀይሕምኺኑ ሰኽራም ከምዝኾነ ይገልጽ። «ዋይዋይታ ንመን እዩ: ባእሲንመን እዩ ምስቁርቋር ንመን እዩ: ብዘይ ምኽንያት ምቑሳል ንመን እዩ ምቕያሕ ዓይኒስ ንመን እዩ: ነቶም ኣብ ምስታይ ወይኒ ዝድንጉዩ ነቶም ዝደረቐ ወይኒ ኺመርጹ ዚእከቡ እዩ። ንወይኒ ምቕያሑ: ኣብ ብርለ ምውዕዋዑ: ጥዒሙ ምውራዱ ኣይትጠምቶ: ኣብ መወዳእታ ሽምተምን ይነክስ ከም ኣፍዑት ሕንዙ ፋፍ የብል። ኣዒንትኻ ሕውዝውዝ ይብላ ልብኻውን ጠዋይ ነገር ይዛረብ» ይብል ቃል ኣምላኽ (ምሳሌ 23፥29-33)

ኣብዚ ስእሊ እዚ ትሕቲ ርእሱ ብዝተፈላለዩ እንስሳትን ኣራዊትን ዝተትሓዘ ልቢ ይርኣይ: ናይ እዚኣቶም እንስሳትን ኣራዊትን ምሳሌ ናይ ዝተፈላለየ ኣብ ልቢ ሰብ ዝሓድር ሓጢኣት ምስላ እዩ። ምኽንያቱ ልቢ ሰብ ናይ ኹሉ ሓጢኣትን ክፍኣትን መፈልፈሊ ዔላ እዩ። ከምዚ ኢብል እግዚኣብሄር ብኣፍ ነቢይ ኤርምያስ ይዛረበና: «ልቢ ኻብ ኩሉ ጕራሕን ኣዝዩ ሕሱምን እዩ: መንከ የስተውዕሎ» (ኤር.17፥9)


ጐይታና የሱስ ብዛዕባ ልቢ ከምዚ ኢብል የረጋግፀልና «ካብቲ ውሽጢ ልቢ ሰብ ክፉእ ሓሳብ ይወፅእ እዩ እሞ: ምንዝር: ስርቂ: ቅትለት: ዝሙት: ስስዔ: ክፍኣት: ጕርሒ: ቅሌት: ቅንኣት: ጸርፊ: ኩርዓት: ዕሽነት: እዚ ኹሉ ኽፉእ ካብ ውሽጢ እዩ ዝመጽእ ንሰብ ከኣየርክስ» (ማር.7፥21-23)

### 1. ኣንበሳ

መልክዕ ኣንበሳ ምስማዕረጉ ብዙሕ ዘደንቕ እዩ: ብተፈጥሮኡ'ውን ኩሩዕ እዩ: ስለዚ ኣብ ልቢ ሰብ ዘሎ ትዕቢትን ኩርዓትን ክገልፀልና ይኽእል። ሉሲፈር ተብሃለ እቲ ሓደ እዋን ፍሉይ መልኣኽ ብርሃን ዝነበረ:



Copyright ANGP



1. ልቢ ሓጥእ

ብትዕቢቱ ኸብሩ ከምዝተቐንጠጠን ፀላኢ ኣምላኽ (ዲያብሎስ) እውን ከምዝኾነ ቃል ኣምላኽ ይነግረና: (ኢሳ.14፥9-17፤ ህዝ.28፥12-17) ትዕቢት ዝመፅእ ካብ ከርሲ ሲኦል እዩ። ብብዙሕ መገድታት ድማ ይግለፅ። ገሊኦም ሰባት ብገንዘቦም ይዕበዩ: ገሊኦም ብትምህርቶም: ገሊኦም ብዘሕፍር ኩነታት እከዳድንኦም ብመጋየጺ ዕንቁታት ካቲም ኣምባር ዘኣምሰሉ: ከምቲ ኣብ ኢሳያስ ዝተፅሓፈ (ኢሳ.3፥16-24) ገሊኦም ብወለዶምን ብኣቦሓጉኦምን ይዕበዩ: ገሊኦም ብዘርኦም: ብባህሎም: ብኽእለት ፃውቲ (ስፖርት) ወዘተ። ከምዚ ዝብል ቃል ኣምላኽ ኣይንዝከሩን «ኣምላኽ ንዕቡያት ይመፀዓቶም: ንትሑታት ግና ጸጋ ይህቦም እዩ እሞ» (1ይቲ ጴጥ.5፥5) «ኣምላኽ ትዕቢትን ትምክሕትን ክፉእ ኣካይዳን ቁናን ኣፍን ይጸልእ እዩ:» (ምሳ.8፥13) «ንውርደት ትዕቢት ትቕድማ: ንውድቀት ከኣ ኩርዓት» (ምሳ.16፥18)

## 2. ከልቢ (ጨል)

ናይ ፍትወት: ርኹሰት: ምንዝር: ምሳሌ እዩ። እዚ ሓጢኣት ብፍላይ በቲ መወዳእታ እዋናት ብጣዕሚ እናገደደ ምምፅኡ ንሪኢኣለና: ስለዚ ድማ ቕድሚ 2000 ዓመት ጐይታ የሱስ ናይ መወዳእታ እዋናት ከምሰዶምን ጐሞራን ክኸውን እዩ ኢሉ ዝተዛረበ ሓቂ ምኳኑ ክንኣምን የኽእለና። ሓጢኣት ምንዝርን ዕብዳንን ንናብራ ደቂ ሰባት እናበላሸወ ምኻድ ጥራሕ ከይኮነ: ብዝተጠዋወየን ብዘይፍለጥን ኩነታት ናብ ገዛ ኣመንቲ ክርስቶስ ክመሓላለፍ ይርአይ ኣሎ። ኣብ ልዕሊ እዚ ድማ ናብ ዝተፈላለየ ድርጅታት: ናብ ቤት ትምህርቲን: እናገፍሐ ክኸይድ ይርከብ። ነዚ ምትሕልላፍ መሳርሒ ዝኾኑ ዘለው ድማ ከም ሲኒማ: ተዋስኦ: ናይ ርኹሰት ፅሑፋትን: ካልኦት መገድታት'ውን እዮም። በዚ ኩነታት ናብ ልቢ ሰባት እናኣተዉ: ምንዝርን ዕብዳንን: ዘየሕንኽን ዘየሕፍርን እናኾነ መፀ። ኣምላኽ ሓጢኣት ኢሉ ዝፈንፈኖ ግብሪ: ከም ፍልጠትን ምምሕያሽን ወይ ከኣ ከምምስልጣን እናተቖፀረ ይርኣይ ኣሎ። ብሚልዩን (እልፈ ኣእላፍ) ዝቑጸሩ መንእሰያት ካብ ሲኒማን ርኹስ መፃሕፍትን ብዝረኸብዎ ፍልጠት ናብርኦም ክመርሑ ስለዝፍትኑ መወዳእታኦም ጓሂን ሓዘንን: ሕፍረትን ፀበባን ይኸውን። ናብርኦም ዝተበላሸወ ዓየይቲ ሲኒማ: ንመንእሰያት ወለዶ ከምጀጋኑ ኣብነት ኮይናም ኣለዉ: ቤት ሳዕስዒት (ዳንስታት'ውን) መፍልፈሊ ባዕለገ ግብሪ እኩያት እዮም። ከም ብዓል ዮሴፍ ዝመሰሉ ብንጽህና ናብርኦም ጀጋኑ ዝኾኑ ሰዓብቲ ኣምላኽ (ዘፍ.39) ከም ኣብነት ኮይናም ኣይተርአዩን። ኣብ ደቡብ ኣፍሪካ ዝርከቡ ዙሉ ዝተባህሉ ናይ ቐደም ዘርኢ ዓለማዊ ክንሶም ምንዝር ሰበይቲ ኾነት ሰብኣይ እንተረኺቦም



Copyright ANCP

ከምዝቐትሉ: ስልጡን ንዝተባህለ ነዚ ናትና ወለዶ ትምህርቲ ክህብ ይግባእ: ከምኡ'ውን ኣብ መወዳእታ መዓልቲ ፍርዲ ክኹንኑ ከምዝትንስኡ ምስትውዓል የድሊ። ኣምላክ ዝበለና: ብርኽሰትን ብምብዕላግን ግዜኹም ኣይተሕልፉ: ተቓወምዎ ፈንፍንዎን ድኣ እምበር: «ካብ ምንዝርና ህደሙ: ሰብ ዝገብሮ ዘበለ ሓጢኣት ካብ ስጋኡ ብወጻኢ እዩ: ዝምንዝር ግና ኣብ ገዛ ስጋኡ እዩ ሓጢኣት ዝገብር። ብዋጋ ተዓዲግኩም ኢኹም እሞ: ስጋኹም ቤት መቕደስ እቲ ኣባኻትኩም ዘሎ ካብ ኣምላኽ እትቐበልኩምዎ መንፈስ ቅዱስ ምዃኑ ናይ ርእስኹም'ውን ከምዘይኮንኩምዶ ኣይትፈልጡን ኢኹም: ስለዚ ብስጋኹም ንኣምላኽ ኣኽብርዎ። (1ይቲ ቆሮ.6፥18-19) «ሓደ እኳ ነታ ቤት መቕደስ ኣምላኽ እንተኣማሰነ: ኣምላኽ ኬማሰኖ እዩ። ቤት መቕደስ ኣምላኽ ቅድስቲ እያ: እዛ ቤት መቕደስ እዚኣ'ውን ንስኻትኩም ኢኹም። (1ይቲ ቆሮ. 3፥17)

### 3. ሓሰማ

ምሳሌ ሓሰማ ካብ መጠን ንላዕሊ ምብላዕን ምስታይን እዩ ዘርእየና: ሓሰማ ረሳሕ እንሰሳ እያ: ኣብ ቅድሚኣ ዝርከበ ረሳሕ ይኹን ፅሩይ ነገራት ብህርፋን ገፊፉ ትበልዕ። ከምኡውን በዚ ሓጢኣት ዝተተሓዘ ልቢ: ሓደ እኳ ዝመርጾ ወይ ዝፍንፍና ነገር የልቦን። ዝረኸቦ ነገራት ከውሕጥ ይደሊ: መግቢን መስተን ጥራሕ ዘይኮነ: ክፉእ ሓሳብ: ክፉእ ዘረባ: ርኹስ ስእሊታትን ፅሑፋትን ወዘተ። ግሕደር ቅዱስ ኣምላኽ ከኽውን ዝተፈጥረ ሰብነቱ ብዝጉድእን ርኹስ ብዝኾነ ነገራትን ንኣብነት ከም ሲጋራ ትምባኾ: ሓሺሽ: ዝተፈላለዩ ዝጉድኡ መድሓኒታትን ኣርሲሕዎ ይርከብ። ብፍላይ ሲጋራ ምስታይ ብደቂ ተባዕትዩ ኮነ ብደቂ ኣንስተዩ እናተለመደ መፂኡ ኣሎ። እዞም በዚ ልማድ ዝተኣሰሩ ሰባት: ብዘይ ሓይሊ ኣምላኽ ካብዚ ማእሰርቲ ሸይጣን ክፈትሖም ዝኽእል ካሊእ ተስፋ የብሎምን። ዘገርም ድማ ብዙሓት ሃይማኖት ኣሉና ወይ ከኣ ንእግዚኣብሄር ንፈርሕ ኢና: ክርስቲያን ኢና ዝብሉ: ኣብ ቤት ኣምላኽ (ቤተ ክርስቲያን) ሺጋራ ምስታይ ንኣምላኽ ከም ምፅራፍ እዩ ዝቑፀር እሞ ክንሰቲ ኣይግብኣናን ግናኸ ኣብ ወፃኢ ክንሰቲ ንኽእል ኢና ይብሉ። ሰብነቶም ባዕሉ ቤት ኣምላኽ ምዃኑ ኣይተረድኡን። ሃዋርያ ጳውሎስ ከምዚ ይብል «ቤት መቕደስ ኣምላኽ ቅድስቲ እያ: እዛ ቤት መቕደስ እዚኣ'ውን ንስኻትኩም ኢኹም» (1ይቲ ቆሮ. 3፥16-17፤ 6፥18-19)

ስሑዕ ልቢ ብዓይኒ ኣምላኽ ዝተፀልአን ዘይጠቕምን እዩ። ብርግፅ ምእንቲ (መታን) ክንነብር ክንበልዕ ይግብኣና: ግዳኸ ንኽንበልዕ ጥራሕ

ምንባር ግቡእ ኣይኮነን። ክጠምየና ኽሉ ዘድልየና መግቢ ብምብላዕ ዕግብንብል: ስስዔ ግና ኩልሳብ ‹ሃበኒ› ‹ሃበኒ› ትብል። ስስዔ ፈጺሙ ኣይፀግብን ኣይመልእን'ውን። ብመሠረት ሕጊ ብሉይ ኪዳን: ህሩፍን ሰካርን ሰብ ብዳርባ እምኒ ይቕተል ነበረ: (ዘዳ.21፥18-21) ናብራና ምብላዕን ምስታይን ምድቃስን እንተድኣኮይኑ: መወዳእትኡ ብላይ ጨርቂ ምኽዳን ጥራሕ እዩ ዝኸውን (ምሳ. 23፥20-21) ኣብ ወንጌል ዝተፅሓፈ ክንርስዖ ዘይግብኣና ቃል ኣሎ: እዚ እውን ብዛዕባ ኩሉ እዋናት ዝፀግብን ብግእሰርቲ ትምኒቱ ዝነበረ ሃብታም ሰብ እዩ: እዚ ሰብ ኣብ መወዳእታ ነዛ ነፍሱ ኣብ ሲኦል ክትሳቐይ ይረኽባ። ብዛዕባ ክፍኣት መስተ እኳ ብዙሕ ምዝራብ ኣየድልይን: ብቁሩብ ኩነታት ኣፀቢቕና ክንፈልጦ ንኽእል። ከምዚ ኪብል ኣምላኽ ብቓሉ ይነግረና «ሰታይ መንግስቲ ኣምላኽ ኣይክወርሰን እዩ።» ቢራ (ዘስክር መስተ) ምግቢ ኣይኮነን: ግዳኽ ዘዕነውንውን ኣእምሮ ዘጠፍእን መስተ እዩ። ዝሰትይዎ ዘበሉ ኩሎም ድግ ግብሪ እሽነት ይገብሩ: ተጋገይቲ ኣብርእሲ ምኳናም: ነንሕድሕዶም ይቃተሉ። እንተዘይሰኽሩ ግና ከምዚ ኣይምገበሩን። «ወይኒ መላገጺ እዩ: ዜሰክር መስተ ካኣ ሃዋኺ እዩ በዚ ሰንከልከል ዚብል ዘበለስ ጥበበኛ ኣይከውንን» (ምሳ. 20፥1)

እዞም መስተ ዝጽምቱን ዝሸጡን ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ጠሓስቲ ሕጊ እዮም። ስለምንታይ ቃል ኣምላኽ ከምዚ ይብል «እቶም ንምስታይ ወይኒ ዜሕይሉ: ዜሰክር መስተ ንምሕዋስ ከኣ ዚብርትዑ ወይለኦም።» (ኢሳ.5፥22) እቲ ንብጻዩ ዜስትዮን: ዕርቃኑ ኪርኢስ ዜስክርን መርዚ ዘቕርበሉን ወይለኡ (እንባ 2፥15) «ዓመጽቲ ንመንግስቲ ኣምላኽ ከምዘይወርሱዶ ኣይትፈልጡን ኢኹም: ኣይትስሓቱ: ኣመንዝራታት ወይ መምለኽቲ ጣኦት: ዘመውቲ: ወይ ሕንቁቓት ወይ ግብሪ ሰዶም ዚገብሩ: ሰረቕቲ: ወይ ስሱዓት: ወይ ሰካራት ወይ ተጻረፍቲ: ወይ ዘረፍቲ ንመንግስቲ ኣምላኽ ኣይኪወርስዋን እዮም» (1ይቲ ቆሮ.6፥9-10)

እቲ ግብሪ ስጋ ግሁድ እዩ: ንሱ ኸኣ ምንዝር: ርኽሰት: ዕብዳን ኣምልኾ ጣኦት: ጥንቆላ: ጽልኢ: ባእሲ: ቅንኢ: ቁጥዓ: ሻራ: ምፍልላይ: ዝርግርግ: ቅትለት: ስኽራን: ጓይላ ከምዚ ዝመሰለ ካሊእውን እዩ። እቶም ከምዚ ዝመሰለ ዝገብሩ ንመንግስቲ ኣምላኽ ከምዘይወርስዋ ከምቲ ቐደም ዝበልክዎ ኣቐዲመ እብለኩም ኣለኹ። (ገላ.5፥19-21) «ዝርገት ኣለዎ እሞ: ብወይኒ ኣይትስከሩ። ግናኸ መንፈስ ይምላእኩም» (ኤፈ.5፥18) ጐይታ የሱስ መንፈሳዊ ዝኾነ ነገራት ንዝደሊን ንዝተፀምኣን: ከምዚ ኪብል ይዕድም: «ዝጸምኤ እንተሎ ናባይ ይምጻእ እሞ ይስተ»

(ዮሃ.7፥37) ኣቱም ጽሙኣት ኩላትኩም: ናብ ማያት ንዑ: ኣቱም ገንዘብ ዘይብልኩም ከኣ: ንዑ ተሻየጡ እሞ ብልዑ። እወንዑ ብዘይ ገንዘብ ብኸምኡ ወይኒን ጸባን ተሻየጡ። (ኢሳ.55፥1) «እቲ ካብቲ ኣነ ዝህቦ ማይ ዚሰቲ ግና እቲ ኣነ ዝህቦ ማይ ኣብኡ ንዘለኣለም ህይወት ዚፍልፍል ዓይኒ ማይ ኪኸውን እዩ እምበር ንዘለኣለም ኣይጸምእን እዩ።» (ዮሃ.4፥14)

## 4. ኣባ ጉብየ

ናይ ሃኬትን ስንፍናን ምሳሌ እዩ። ዘይምእዛዝ ከም ምምላኽ ጣኦት እዩ: ህልኽ ካኣ ከም ጥንቆላ እዩ። (1ይ ሳሙ.15፥23) «ሃካይ ኣእዳዉ ምዕያይ ይኣቢያ እየን እሞ: ትምኒቱ ይቐትሎ» (ምሳ 21፥25) ኢያሱ ከምዚ ኪብል ንህዝቢ እስራኤል ተዛረቦም ስለምንታይ ትድንጉዩ ቀልጥፉ እሞ ኬድኩም ውረስዋ። ደቂ ሰባት ብተፈጥሮኦም ሃከይቲ እዮም ናይ ኣምላኽ ሰናይ ነገራት ካብ ምቕባል ይድንጉዩ: (መሳ.18፥9) ጐይታ የሱስ ከምዚ በለ «ብታጸባብ ደገ ንምእታው ተጋደሉ: ዝለመነ ኩሉ ይቕበል እዩ» (ሉቃ.13፥24፤ ማቴ.7፥8) መንግስተ ሰማያት ብሓይሊ ትደፍእ ኣላ: ደፋእቲ ድማ ብሓይሊ ይዛረፍዋ ኣለዉ: (ማቴ.11፥12) ብዛዕባ ድሕነት (ምድሓን) ነፍስናን ራህዋ መንፈስናን ሸለል ምባል ኣብመወዳእታ ናብ ዘለኣለም ሞት የብፅሐና። ሃኬትን ሸለል ምባልን ከይንፅልይ ይገብረና ዕሙቕ ሚስጥራት ኣምላኽ ከይንደሊ ይገብረና። ስለዚ ድማ ዝተዋህበና ተስፋታትን ቃልኪዳንን ክንቕበል ኣይንኽእልን። እዚ ካኣ ዓቢ ዕንወት እዩ። ሎሚ ልብኹም ሃቡኒ እናበለ ኣምላኽ ክዛረበና ኸሎ: ሸይጣን ግና ፅባሕ ወይ ካሊእ መዓልቲ ይሕሸ ይብለና። እዚ እድል ድሕነት: ፅባሕ ወይ ካሊእ መዓልቲ ከይንረኽቦ ንኽእል: ኣብ መወዳእታ ብዘይ ድሕነት: ብዘይ ክርስቶስ ናብ ሞት ምኻድ ይኸውን: «ምእንትዚ መንፈስ ቅዱስ ከምዚ ይብል: ሎሚ ድምጹ እንተሰማዕኩም ከምቲ ብነድሪ በታ መዓልቲ ፈተና ኣብ በረኻ ዝገበርኩምዎ: ልብኹም ኣይተትርሩ:» (እብ.3፥7-8) ኣየ ክንደይ ሰባት ይኾኑ ድሕነት ነፍሶም ንኻሊእ ዝጠዓመ መዓልቲ ብምሕላፍ ነታ ዕድል ፈፂሞም ከይረኸብዋ ብመንፈስ ዝሞቱ: ፅባሕ መዓልቲ ናትና ምኳናን ዘይምኳናን ኣይፍለጥን።

ኣብ ሓድሓደ ስፍራታት ክዳን ጉብየ (ዛዕጉል) ንጥንቆላ ዝጥቀሙሉ ሰባት ኣለዉ: ስለዚ ምሳሌ ጐብየ ኣብ ክንዲ ህያው ኣምላኽ ብጥንቆላ ኣስማትን ጣኦትን ዝኣምን ልቢ እዩ ዘርእየና። ብፍላይ ድማ ብእዋን ፈተና ብእዋን ሕማምን ፀበባን: ብእዋን መከራን ሽግርን ቃል ኣምላኽ ዝምዕደና: ክሕግዘና ድልው ናብ ዝኾነ ናብ እግዚኣብሄር ክንፅውዕ እምበር:

ክነጥንቁልን ፅቡቕ ወይ ድማ ሕማቕ ዕድል ኢልና ክንኣምን ኣይግባእን። ኣብ መዝሙር 37 ቁጽሪ 23 «ስጉምቲ ሰብ ብእግዚኣብሄር ይጸንዕ ይብል:» ኣብ ማእከልኩም ዝሓመመዶ ኣሎ: ንሽማግሌታት ማሕበር ይጸውዕ: ንሳቶም ከኣ ብስም እግዚኣብሄር ዘይቲ እናለኸይዎ ኣብ ልዕሊኡ ይጸልዩ። እታ ናይ እምነት ጸሎት ድማ ነቲ ሕሙም ክተድሕኖ እያ: ጐይታ'ውን ከተንስኦ እዩ። እምበኣርሲ ምእንቲ ክትፍወሱ: ንሓድሕድኩምውን ጸልዩ»። (ያዕ.5÷14-16) ኣምላኽ ንደቂ እስራኤል ከምዚ ኪብል ኣዘዞም: ወዱ ወይ ጓሉ ብሓዊ ዘሕልፍ ወይ መውደቚ ዛዕጐል ወይ ብደመናን ብተመንን ዚፈልጥ ወይ ኣስማተኛ ወይ ተራጋሚ: መናፍስቲ ዝጥይቕ: ኣባኻ ኣይረኸብ። እዚ ነገር ዚገብር ኩሉ ኣብ እግዚኣብሄር ፍንፉን እዩ እሞ።» (ዘዳ.18÷10-12) እቶም ኣኽላባትን ጠንቆልቲን ኣመንዝራታትን ቀተልቲን መምለኽቲ ጣኦትን ንሓሶት ዝፈትውዋን ዝገብሩዋን ዘበሉ ኩሎም ግና ኣብ ወጻኢ ማለት ካብ መንግስቲ ኣምላኽ ወፃኢ እዮም»። (ራእ.22÷15) ናብ መንፈስ ጥንቆላ ዘለዎምን ናብ መውደቕቲ ዛዕጐልን ኣይትመለሱ: ብእኦም ከይትረኽሱ ኣይትድለይዎም: ኣነ እግዚኣብሄር ኣምላኽኩም እየ። (ዘሌ.19÷31) ነቶም ብሕሽኹሺኹን ብሰላሕላሕን ዝዛረቡ ጠንቆልቲን ኣስማተኛታትን ጠይቑ እንተበሉኹም ንስኻትኩም ከኣ: ህዝቢ ንኣምላኹ ኣይሓትትን: ብዛዕባ ህያዋንሲ ንምውታትዶ ይሓትት እዩ: ኢልኩም ምለሱሎም: ... ከምዚ ዝመሰለ ቓል እንተዘይተናገሩ ብሓቂ ወጋሕታ የብሎምን» (ኢሳ.8÷19-20)

ነዛ ንእሽቶ መፅሓፍ ከተንብብዋ ከለኹም: ኣምላኽ ባዕሉ ከምዝዛረበኩም ኣስተውዕሉ። ስለምንታይ ብዙሕ ካብ መፅሓፍ ቅዱስ ዝወጹ ጥቕስታት ስለተንብቡ: መፅሓፍ ቅዱስ ኻኣ ቃል ኣምላኽ እዩእሞ። ካብ ሓጢኣትኩም ተመሊስኩም ህይወትኩም ንዑዑ ክትህብዎ ይፅውዐኩም ኣሎ። ግናኸ መንፈስ ናይ ጉብየ ኣብ ልብኹም እንተድኣ ኣሎ: ነዚ መፀዋዕታ ቆሪፅኩም ከይትቕበሉ ብዙሕ ሓሳባት የምፅኣልኩም። ብፍላይ'ውን ሓቀኛ ክርስቲያን እንተኾይነ ስድራይ እንታይ ይብሉኒ: ዓዕሩኽተይ እንታይ ይብሉኒ ሰባት ኩሎም እንታይ ይብሉኒ: ኢልኩም ትጭነቑ: ካብ እንዳ ሳዕሲዒትን ጓይላታትን ተፈልየ ከመይከኸውን እየ ትብሉ: ኣብክንዲ እቲ ዓቢ ሃብቲ ክርስቶስ: ዘደንቕ ሰላምን ብቓላት ክግለፅ ዘይከኣል ታሕጓስን ክብሪ ዘለዎ ናይ ዘለኣለም ደስታን: ነቲ ንጐይታ ክንኣምን ኸሎና ክንገድፎ ንግደድ ነገራት ክንሪኢ ንጅምር። ስለዚ ሰብ ምፍራሕን ሞት ምፍራሕን ኣብ ማእሰርቲ ዲያብሎስ ክንነብር ይገብሩና።

ጐይታ የሱስ ግና ካብዚ ማእሰርቲን ፍርሃት ሞትን ሓራ ከውጸአና እዩዝመፀ: (እብ.2፥14-15) ሃካይ መንፈስ ንኣምላኽ ከይንእዘዝ ከገብረና ኸሎ: ልብና እናተረረ ይኸይድ እሞ ከምዛዕጐል ጉብየ ይኸውን።

## 5. ነብሪ

ነብሪ ቁጡዑን ጨካንን ኣራዊት እዩ። ጽልኢ: ቑራ: ንዴት: ኣብ ልቢ ሰብ ክሓድር ከሎ ናብ ምጥፋእ ነፍሲ የብጽሕ። ቁሩብ ንምዕጋት እንተፈተንና እኳ ዘናድደና ነገራት ከጓንፈና ኸሎ ቑራና ብጭካኔ ተመሊኡ ይወፅእ። ሰብ ኩሉ እዚ ባህርይ ስለዘለዎ ኣብልብና እዚ ሽግር ከም ዘሎ ኣሚንና ጐይታ የሱስ መታን ሓራ ከውፅአና ምልማን ይሕሸ: «ቑራ ግደፍ ሓርቆትውን ሕደግ ኣይተንጸርጽር: እዚስ ናብ እከይ ጥራይ እዩ ዝመርሕ» (መዝ.37፥8) «ቁጥዓ ጨካን እዩ ቑራውን ውሒዝ እዩ» (ምሳ.27፥4) «ቑራ ኣብውሽጢ ዓያሱ እዩ መሕደሪኡ እሞ ብመንፈስካ ንቑራ ኣይትተሃወኽ።» (መክ.7፥9) «ቑራ ኣርሕቁ» (ቆሎሴ 3፥8) ይብል። ብዙሕ ኣብ ልቦም ፍርሃት ዘለዎም ሰባት ክፍኣት ክገብሩ ወይ ከኣ ሕነ ክፈድዩ መታን ከተባብዖም መስተ ይሰትዩ። እዚ ግና «ወይኖም ሕንዚ ገበል እዩ» ከምዝበሎ ቃል ኣምላኽ እዩ። (ዘዳ.32፥33) ምፍዳይ ሕነ ኣብ ልቢ ሓጥእ ጥዑም እዩ: ኣምላኽ ግና ንኹሉ ከከም ግብሩ ይፈድዮ። ጐይታ የሱስ ከምዚ በለ «ንብጻይካ ከም ነፍስኻ ኣፍቅሮ» (ማር.12፥31) «ጸላእትኹም ፍተዉ» (ማቴ.5፥44) እግዚኣብሄር ንዝበደሉና ይቕረ እንተበልና ሓጢኣትና ከምዝሓድገልና ተስፋ ሂቡና እዩ። (ማቴ.6፥12) ኮርናፍን ዘንፀርፅርን መንፈስ ብኣምላኽ ዝተፀልአ እዩ። ባህጊ ደም ምፍሳስን ምቕታልን ኣብ ልቢ ሰብ እዩ ዝሓድር: ኣብክንድዚ ዘየቋርፅ ፍፁም ዝኾነ ሰላም ንልብና ክዓስሉ ይግባእ።

Copyright ANCP

## 6. ተመን

ኣብሞንጐ ሰብን እግዚኣብሄርን ኣብ ኤደን ዝነበረ ሰናይ ዝኾነ ሕብረት: ሄዋን ብሰንኪ ተመን በተኸቶ። ሸይጣን ኣዳምን ሄዋንን ገዛእቲ ዓለም ኮይኖም ምስ ኣምላኽ ፍፁም ብዝኾነ ፍቕሪ ይነብሩ ስለዝነበሩን: ናቱ ስፍራ ስለዘሕደግዎን ብጣዕሚ ይቐንእ ነበረ። ካብዚ ቅንኡ ዝተለዓለ ከመይ ከምዘጥፍኦም ሓሲቡ: ነቲ ዝነበረ ህይወት ዘለዎ ፍቕሪ ኣቋረፆ እዚ ናይ ዲያብሎስ ቅንኢ ሕዚውን ኣብ ልቢ ሰባት ሓዲሩ: ናይ ካልኦት ሰባት ታሕጓስን ራህዋን ከፍርሶ ይደሊ። ቅንኢ ክፉእ ሓሳባት ዘምፅእን ታሕጓስ ናይ ሰባት ዘዕንቅፍን ኣብ ልዕሊ ምኳኑ ናብ ምጥፋእ ነፍሲ የብፅሕ። እዚ

ከአ ብፍላይ ኣብ ሰብ ሓዳር እዩ ዝርአይ። «ቅንኢ ንሰብኣይ ብቑጥዓ የንድዶ እዩ'ም ብመዓልቲ ሕነ ኣይድንግጽን እዩ:» (ምሳ.6፥34) ኣብ ብዙሕ ስራሕን ዓይነት ናብራታትን: ቅንኢ ዘይዝረብ መከራን ባእሲን የምፅእ። ወላ እኳ ኣብ ሞንጎ ሰዓብቲ ክርስቶስ (ሓቀኛ ክርስቲያናት)። ጐይታ ንሓደ ሰብ ክክብርን ክግለገሉን ኸሎ እቶም ካልኦት ክቐንኡ ይጅምሩ። ስለዚ ክርስቲያን ኩሎም ካብዚ ሕማም ቅንኢ ልቦም ክሕልዉ ብፍቕሪ ኣምላኽ ድማ ክምልኡ ይግባእ። (ሮሜ 5፥5) እንተዘይኮነ ግና ንኣምላኽ ዘይጠቕሙ ይኾኑ: ኣገልግሎቶም እውን ይበላሾ።

## 7. ጭንቁራዕ (ጭንቁርባዕ)

እዚ ምስላ ፍቕሪ ገንዘብን ስስዔ ምድራዊ ነገራትን እዩ። ፍቕሪ ገንዘብ ድማ ሱር ናይ ኩሉ ሓጢኣት እዩ: (1ይጢሞ.6፥10) ኣብ ዓዲ ኮንጎ ዝርከቡ ጭንቁራዕ በሊዖም ዘይፀግቡ እዮም: ብዙሕ ፃፀ ከበልዑ ምስወዓሉ ኣብ መወዳእታ ተፈንጺሖም ይሞቱ። ስሱዕ ሰብ ንድኻ ክህብ ኣይፈቱን: ግናኸ ብቕኑዕ ይኹን ብዘይቕኑዕ መገዲ ሃብቲ እዛ ዓለም ንዑዑ ጥራሕ ክገብር ይፍትን። ጐይታ የሱስ ከምዚ ኢሉ ነበረ «መዝገብካ ኣብ ዘለዎ: ኣብኡ ድማ ልብኻ ኣሎ። ስለዚ ብልዒ ኣብዝበልዖ: ነቐዝ ኣብዜንቅዞ: ሰረቕቲ ኰዒቶም ኣብ ዝሰርቅዎ ኣብ ምድሪ ንዓኻትኩም መዝገብ ኣይትገብሩ:» (ማቴ.6፥19-21) ኣካን ዝተባህለ ሰብ ምስስድራቤቱ ዝተቐትለ ብሰሪ ወርቒን ብሩርን ምፍታው ነበረ (ኢያሱ 7) ደቀ መዝሙር ጐይታ የሱስ ይሁዳ ኣስቆርታውን: ተሓኒቑ ዝሞተ ብሰንኪ ገንዘብ ምፍታው ነቲ ፈቃር ጐይትኡ ኣሕሊፉ ስለዝሃበ ነበረ። እቲ ገንዘብ ወይ ድማ ወርቂ ባዕሉ ኣይኮነን ክፉእ ዝኸውን: ግናኸ ኣብ ልቢ ተሓቢኡ ዝነብር ፍቕሪ ወርቅን ገንዘብን እዩ እምበር። ብሸሓት ዝቑጸሩ ካብ ዝተፈላለየ ዘርእን ወገንን ዝኾኑ ሰባት: ኣጋጣሚ ዝኾነ ሃብቲ ክረኽቡ እናተተምነዩ ብቑማር ገንዘቦም ስለዘጥፍኡ: ናብርኦምን ናብራ ስድራኦምን ኣፍሪሶም ይርከቡ። ብዘይ ፃዕሪ ሃብቲ ንምርካብ ምትምናይ: ናብ ስርቂ: ናብ ቅትለትን: ናብ ነፍስኻ ምጥፋእውን የብፅሕ እዩ: ምስ ፍቕሪ ገንዘብን ስስዔን ሓቢሮም ዝኸዱ ነገራት ድማ: ክብሪ: ፀብለል ኢልካ ምርኣይ: ድኻታት ንምርጋፅ ድሌት ሓይሊ ወይ ስልጣን ፖለቲካ: ስልጣን ሃይማኖት እዚ ካኣ ንኣምላኽ ከይኮነ ንሓንቲ ቤተ ክርስቲያን ወይ መንፈሳዊ ድርጅት ንምውጋን ክንብል: ሓቀኛ ወዲ ኣምላኽ ዝኾነ ሰብ: ኣባል ናይ ድርጅትና ብዘይ ምዃኑ ምንዓቕን ክንቱ ምግባርን እዮም። (ማር.9፥38) «ንሱ ካኣ ህይወት ሰብ ብብዝሒ ገንዘብ ኣይኮነትን እሞ ተጠንቀቑ: ካብ ኩሉ ስስዔ ከኣ ርእስኹም ሓልው በሎም:» (ሉቃ. 12፥15) ከምዚ ኢሉ ከኣ ምስላ ነገሮም: ሓደ

Copyright ANGP

ሃብታም ሰብኣይ ግርሁኡ (ግራቱ) ቀደወሉ። ብልቡ ኸኣ እኸለይ ዝእክበላ ስፍራ የብለይን እንታይድኣ ክገብር እየ ኢሉ ሓሰበ: ንሱ ድማ ኸምዚ እገብር ንማእከነይ ኣፍሪሰ ኣግፊሒ እሰርሖ ኣብኡ ካኣ ኩሉ እኸለይን ሃብተይን እእክብ። ንነፍሰይ'ውን ኣቲ ነፍሰይ ብዙሕ እተደለበ ሃብቲ ንብዙሕ ዓመታት ዚኣኽለኪ ኣሎኪ እሞ ዕረፊ ብልዒ ስተዩ ተሓጐሲ እብላ በለ። ኣምላኽ ግና ኣታ ዓሻ ንነፍስኻ ካባኻ ክወስድዋ በዛ ለይቲ እዚኣ ይደልይዋ ኣለው: እዚ ዝደለብካዮ ድኣ ንመን ክኸውን እዩ: በሎ። እቲ ንርእሱ መዝገብ ዝእክብ ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ሃብታም ዘይኮነ ኸምኡ እዩ። (ሉቃ.12፥16-21) «ንሰብ ብዘላ ዓለም ረቢሑ ነፍሱ እንተኣጥፍአ እንታይ ይጠቕም:» (ማር.8፥36) ንህይወትኩም ብትበልዕዎ ወይስ ንስጋኹም ብትኽደንዎ ኣይትጨነቑ ... መንግስቲ ኣምላኽ ድኣ ድለዩ። እዚ ኹሉ ድማ ክውሰኸልኩም እዩ: ... ኣብቲ መዝገብኩም ዘለዎ ኣብኡ ድማ ልብኹም ይኸውን እዩ። (ሉቃ.12፥22-34)

## 8. ሸይጣን

ኣቦ ሓሶትን ሓሰውትን ኣብርእሲ ምኳኑ: ኣብልቢ ሰብ እንዳነገሰ ናብ ሓጢኣት ይመርሕ። ጐይታ የሱስ ከምዚ በለ: «ንስኻትኩም ካብቲ ኣቦኹም ዲያብሎስ ኢኹም: እታ ትምኒት ኣቦኹም ክትገብሩውን ትደልዩ ኣሎኹም። ንሱ ካብ መጀመርታ ቀታል ነፍሲ እዩ። ሓቂ ኣብኡ ስለዘይብሉውን ኣብ ሓቂ ኣይጸንዔን። ሓሶት ኪዛረብ ከሎ: ካብ ርእሱ እዩ ዝዛረብ። ሓሳዊ እዩ እሞ ንሓሶትውን ኣቦኣ እዩ።» (ዮሃ.8፥44) ንእሽተ ሓሶት ካብ ዓቢ ሓሶት ኣይፍለይን እዩ። ከንቱ ምግባዝ ባዕሉ ሓሶት እዩ። ኣምላኽ ግና ክሕሰው ኣይኽእልን። ሓቀኛ ክርስቲያን እውን ከምኡ (ቲቶ 1፥2) «ምስኡ ሕብረት ኣሎና: ኢልና ኣብ ጸልማት እንተተመላለስና: ንሕሱ ሓቂውን ኣይንገብርን ኢና ዘሎና: (1ይቲ ዮሃ.1፥6) እቶም ኣኽላባትን ጠንቆልትን ኣመንዝራታትን ቀተልትን መምለኽቲ ጣኦትን ንሓሶት ዝፈትውን ዝገብሩዋን ዘበሉ ኹሎም ግና ኣብ ወጻኢ እዮም (ራእ. 22፥15) «ሓሶት ዚዛረብ ሓሳዊ ምስክር: ኣብ ሞንጎ ኣሕዋት ባእሲ ዚዘርእ ብእግዚኣብሄር ዝተፈንፈነ እዩ። (ምሳ.6፥19)

Copyright ANGP

## 9. ኰኾብ

ምስላ ምስትውዓልን ልቢን እዩ። ተደጋጋሚ ዝኾነ ሓጢኣት ወይ ድማ ብፍልጠት ዝግበር ክፍኣት ንሕልና ሰብ ክርስሖን ክቐትሎን ይኽእል። ከምዚ ብዝመሰለ ሓጢኣት ዝተዓወረ ሕሊና ሓቀኛ ፍርዲ ክህብን: ሰናይ

ግብሪ ክሰርሕን ኣይኽእልን: ይቕረ ኪብል ኣብ ዝግባእ ይውንጅል: ክቃወም ኣብ ዝግብኦ ይገድፍ። እዚ ሕሊና ከም ብመዓለም እተዓለመ ዝሞተ ክኸውን ዝኽእል ብምሕዳግ እምነት ማለት ብምኽሓድን: ንመናፍስቲ ስሕተት (ሓሶት) ወይ ካኣ ንምህሮ ኣጋንንቲን ብምስዓብው'ን እዩ። (1ይቲ ጢሞ.4÷1-2፤ እብ.10÷22)

## 10. ዓይኒ

ኣምላኽ ነቲ ኣብ ልቢ ሰብ ዘሎ ኹሉ ይርኢ። ከምሃልሃልታ ሓዊ ካብዝኾና ዓዒንቲ እግዚኣብሄር: ዝሕባእ ነገራት የልቦን: ንኹሉ ሓሳባትን ባህጊን ይምልከታ እየን። ወላ ኣብ ፀልማት ለይቲ ግብሪ እኩይ እንተገበርና: ወይ ከኣ ኣብዱርን ኣብ ገደልን እንተገበርና ኣምላኽ ይርእዮ እዩ። (ኣብዚ ስእሊ ዘለዋ ዓዒንቲ ኣብ ገፅ ሰባት ዝርአይ ኩነታት ክገልፀልና ይኽእል)

11. ኣናእሹቱ ሃልሃልታ ሓውታት: ኣብ ከባቢ ልቢ ሓጥእ ዝርከብ ናይ ፍቕሪ ኣምላኽ ምሳሌ እዩ። ኣምላኽ ንሓጢኣት ኣዝዩ ይፀልእ እኳ እንኾነ ነቲ ሓጥእ ግና የፍቅሮ። ብሓጢኣቱ ክመውት ድማ ኣይደልይን: ክምለስን ብህይወት ክነብርን ይደሊ እምበር። (1ይቲ ጴጥ.3÷9) ጐይታ የሱስ ንሓጥኣን ክድሕኖም መፀ። በቲ ሓደ ሓጥእ ብምንሳህ ምምላስ ኣብ ሰማይ ዓቢ ሓጐስ ይኸውን። (ሉቃ.15÷7) እዚ ሃልሃልታ ድማ: ብዛዕባ ደም ጐይታ የሱስ'ውን የዘክረና (1ይቲ ዮሃ. 1÷29)

12. መልኣኽ ምሳሌ ቃል ኣምላኽ እዩ። እግዚኣብሄር ነዞም ተታሊሎም ዝነበሩን ዓቢ ዖር ሓጢኣት ዝፆሩን ኩሉም ክዛረቦም ይፈቱ። በዚ ኣብ መፅሓፍ ቅዱስ ዝርከብ ቃሉ ድማ ካብ ሓጢኣቶም ተመሊሶም ፍቅሩ ክጥዕሙን ብርሃን ክርእዩን ይዕድሞም።

13. ርግቢ ናይ ቅዱስ መንፈስ ምሳሌ እያ። መንፈስ እግዚኣብሄር ነቲ ሓቂ ዝኾነ ነገራት: ነቲ ሓጢኣት ዝኾነ ነገራት: ነቲ ፍርዲ ኣምላኽውን ይሕብረልናን የብርሀልናን። (ዮሃ.15÷26) ኣብዚ ስእሊ መንፈስ ቅዱስ ኣብ ወፃኢ ልቢ ሰብ ይርኣይ: ምኽንያቱ ሓጢኣት ኣብ ዝነገሶ ልቢ ክኣብር ኣይኽእልን እዩ'ም። እምበኣርከስ እዚ ዝተገልፀ ኩነታት ኣብ ልብና ዘሎ እንተኾይኑ: ልብና ናብ ኣምላኽ ከፊትና ከነእዊን ብርሃኑ ክብርሀልና ክንፈቕደሉን ይግብኣና። «ብሽም ጐይታ የሱስ እመን እሞ ንስኻን ቤትካን ክትድሕኑ ኢኹም።» (ግብሪ ሃዋ 16÷31) እወ ኣምላኽ ህይወት ክንረክብ (ክንድሕን) ፍቓዱ እዩ። ንልብና ክልውጦ: ሓዲሽ ልቢን ኣእምሮን ክህበና ተስፋ ሂቡና ኣሎ። (ህዝ. 11÷19) እዚ ኩነታት ድማ ኣብዚ ካልኣይ ስእሊ ተገሊፁ ንረኽቦ።

Copyright ANGP

## ምሳሌ ካልኣይ ስእሊ


እዚ ስእሊ'ዚ ተጣዒሱ ንእግዚኣብሄር ዝደሊ ልቢ የርኤና። ሰይፊ ሒዙ ዝርአይ መልኣኽ ከኣ ቃል ኣምላኽ ማለት እዩ። «ቃል ኣምላኽ ህያውን መስለጥን እዩ እሞ: ካብ ክልተ ዝኣፉ ሰይፊ ዝበልሕ እዩ: ነፍሲን መንፈስን: መፈላለዪ ኣካላትን ኣንጉዕን ክሳብ ዝፈላሊ ዚሰጥም ኣብ ምሕላንን ሓሳብ ልቢን ዝፈርድ እዩ።» (እብ.4፥12) ቃል ኣምላኽ ነዚ ልቢ ከምዚ ኢሉ የዘክሮ «ዓስቢ ሓጢኣትሲ ሞት እዩ» (ሮሜ 6፥23) ከምኡውን «ከምቲ ንሰብ ሓንሳዕ ሙማት ብድሕሪኡውን ፍርዲ እተሰርዖ» የስተውዕል (እብ.9፥27) እቶም ሓጢኣት ዝገብሩን ዘይኣምኑን ግዲኦም ኣብቲ ብሓውን ዲንን ዚነድድ ቀላይ እዩ» (ራእ.21፥8)

## ሓጥእ ምኳኑ ዝኣመነ ልቢ

ብፀጋም ኢዱ ዓጽሚ ርእሲ ሒዙ ንሪኦ መልኣኽ ነዚ ሓጥእ: ደቂ ሰባት ኩሎም ከምዝሞቱ የዘኻኽሮ። እዚ ብጣዕሚ ንጭንቅሉን ንፈትዎን ስጋና: ብኽዳንን ብመግቢን ተኸናኺንናን ተጠንቂቕናን እንተመልካዕናዮ እኳ: ዘድልዮ ነገራት ኩሉ እንተሃብናዮ እኳ ምሟቱ ኣይተርፍን እዩ። ምስበስበሰ ድማ መግቢ ሓሳኹ ይኸውን። ነፍሲ ግና ንዘለኣለም ክትነብር ሓደ እዋን ኣብ ቅድሚ ጐይታ የሱስ ክርስቶስ ትቐውም። (2ይቲ ቆሮ.5፥10) ስለዚ እቲ ሓጥእ ንቃል ኣምላኽ ከስተውዕሉ ይጅምር። ንፍቕሪ ኣምላኽ'ውን ልቡ ይኸፍት። መንፈስ ቅዱስ ኣብዚ ልቢ ዝተጠዓሰ ሓጥእ ከብርህ ይጅምር: ነቲ ፀልማት ድማ ይሰጐ። ብርሃን ኣምላኽ ክበርህ ከሎ ፀልማት ናይ ግድንነት ይርሕቕ።

ክቡር ኣንባቢ (ነባቢ) ነቲ ሓቀኛ ብርሃን ዓለም ኣብ ልብኻ ኣትዩ ከብርሀልካን: ፀልማትን ግብሪ ፀልማትን ከምዚ ኣብዚ ስእሊ ዝርአይ ዘሎ ከርሕቐልካን ፍቐደሉ። የሱስ ከምዚ በለ «ኣነ ብርሃን ዓለም እየ: እቲ ዝስዕበኒ ብርሃን ህይወት ኪረክብ እምበር ብፀልማት ኣይክኸይድን እዩ።» (ዮሃ.8፥12) ብዝኾነ ዓይነት ክእለትካን ፃዕርኻን ፍልጠትካን: ወይ ከኣ ብፍልጠት ሰባት ነቲ ሓጢኣት ካብ ልብኻ ከተርሕቕ ፈፂምካ ኣይትኽእልን ኢኻ። ዝሓፀረን ዝቐለለን: ብርግፀ ፍቱን ዝኾነ መገዲ ሓደ ጥራሕ እዩ። ንሱ ከኣ ንየሱስ ናብ ልብኻ ምእታው ሽሁ ፀልማት ማለት ሓጢኣት ካብ ልብኻ ይወፅእ። ወርሒን ከዋኽብቲን ኣብ እዋን ፀልማት ቁሩብ ብርሃን ክህቡና ይኽእሉ: ግናኸ ፀሓይ ክትወፅእ ኸላ ፀልማት ኮነ ኣናእሽቱ ብርሃናት ይጠፍኡ። የሱስ ፀሓይ ፅድቂ እዩ። የሱስ ናብ የሩሳሌም

2. ሓጥእ ምኳኑ ዝኣመነ ልቢ



ናብ መቅደስ ኣምላኽ ምስ ኸደ ንኹሎም ሸየጥትን ተሻየጥትን ካብ ቤት መቕደስ ኣወፅኦም: ሰደቓ ሸረፍትን መንበር ሸየጥቲ ርግቢን ገልበጠ። «ንሱ ከኣ ቤተይ ቤት ጸሎት ትብሃል ጽሑፍ እዩ: ንሳኻትኩም ግና በዓቲ ጉሓሉት ገበርኩምዎ በሎም» (ማቴ 21፥13) ልብና ንመቕደስ ኣምላኽን መሕደሪኡን ክኸውን ኢዩ ተፈጠሩ: ስለዚ ኣምላኽ ኣብ ልብና ሓዲሩ ኪፀብቆ: ብብርሃን ፍቕሪን ታሕጓስን ክመልኦ ይደሊ። ጐይታ የሱስ ናብ ምድሪ ዝመፀ መታን ንሓጢኣትና ይቕረ ክብል ጥራሕ ኮይኮነስ: መታን ካብ ሓይሊን ግዝኣትን ሓጢኣት ሓራ ክውፅኣና እዩ። «ስለዚ ወዱ (ወዲ ኣምላኽ) ሓራ እንተኣውጽኣኩም ብሓቂ ውጹኣት ሓራ ክትኮኑ ኢኹም። (ዮሃ. 8፥36)

## ሳልሳይ ስእሊ


ኣብ ሳልሳይ ስእሊ: ኩነታት ናይ ልቢ ብሓቂ ዝተጠዓሰ ሰብ ክንሪኢ ንኽእል። እዚ ሰብ ነቲ ዘጨንቕን ዓቢ ዝኾነን ሓጢኣቱ ክሪኢ ይጅምር: ምእንትዚ ሓጢኣቱ ድማ ጐይታ የሱስ ኣብ መስቀል ከምዝሞተሉ ይርዳእ: እቲ መልኣኽ ማለት ቃል ኣምላኽ ነቲ መስቀል ክርእዮ ኸሎ ዝተሰበረ ልቡ ብዝዝበር ሓጢኣት ብዓሚቕ ጣዕሳን ሓዘንን ይምላእ። ነቲ ብጐይታ የሱስ ዝተገልፀ ዓቢ ፍቅሪ ኣምላኽ ከስተብህል ኸሎ ልቡ ይፈስስ: ብፍላይ ድማ የሱስ ክርስቶስ ወዲ ኣምላኽ ነዚ ኹሉ ሓጢኣቱ ክወስደሉን ምእንትኡ ክሞተሉን ከምዝመፀ ከስተውዕል ከሎ ብፍቕሪ ኣምላኽ ልቡ ይነድድ።

ፈቃር ጐይታ ኣኽሊል ናይ እሾኽ ኣብ ርእሱ ፀይሩ እተወቐፀን ኣእዳዉን ኣእጋሩን ብምስማር ተሸንኪሩ ኣብ መስቀል ዝሞተን ዋጋ ሓጢኣቱ ክኸፍል (ክዓዲ) ከምዝኾነ ብእምነት ምስርእየ ልቡን ህይወቱን ይልወጥ። ቃል ኣምላኽ ድማ ከም መስትያት ነቲ ኹሉ ሓጢኣቱ ስለዘርእዮ ብዙሕ ካብ ኣምላኽ ርሒቑ: ሕጊ ኣምላኽው'ን ጥሒሱ ከምዝፀንሐ ብምስትውዓሉ ይጉሂ: ይሓዝንውን። ብንብዓትን ብመሪር ኣውያትን ከኣ ናብ ኣምላኽ ክቐርብ ከሎ: እየሱስ ናብዚ ሰብ ይቕርብ። ደም ጐይታ የሱስ ወዲ ኣምላኽ ካብ ኩሉ ሓጢኣት የንጽሃና (1.ይቲ ዮሃ. 1፥7) ዝብል ቃል ከንብብ ከሎ ናይ ኣምላኽ ፍቕሪን ሰላምን ኣብ ልቡ ይመልእ።

«ዎ ኣምላኽ ጽሩይ ልቢ ፍጠረለይ: ጽኑዕ መንፈስ ከኣ ኣብ ውሽጠይ ሓድስ» (መዝ.51፥10) ኢሉ ክፅልይ ይጅምር: ተስፋታት ቃል ኣምላኽ'ውን ይሕግዞ። «ግናኽ ኣብቲ ሸጉርን ድቑስን (ብምንሳሕ ዝተሰብረ) መንፈስ ዘለዎን ብቓለይ ዝርዕድን ሰብ ድኣ እየ ዝጥምት ዘለኹ» (ኢሳ.66፥2) መንፈስ ቅዱስ ድማ ነዚ ቃለ እግዚኣብሄር የብርሀሉ።

Copyright ANGP

3. ዝተጠግበ ልቢ



«ወደየ ኣይዞኻ (ኣጆኻ) ሓጢኣትካ ተሓዲጉልካ» (ማቴ.9፥2) ዝብል ቃል ጐይታ እየሱስ ነዚ ዝተነስሐ ሓጥእ ዝተዋህቦ ቃል ይኾነሉ። ብሕልንኡ ናብ መስቀልውን ክጥምት ከሎ: እዚ ኹሉ ስቓይ ጐይታን: ኣብ መስቀል ዝፈሰሰ ደሙን ነቲ ሰኽም ሓጢኣቱ ኹሉ ከምዝናገፈሉ ይስምዖ: «ንሱ ግና ብሰሪ ገበናና ቆሰለ: ብሰሪ ኣበሳና ድማ ተኸትኸተ: ... እግዚኣብሄር ድማ ኣበሳ ኩላትና ኣብኡ ኣውደቐ» (ኢሳ.53)


ብጐይታ የሱስ ምስ ኣመነ መንፈስ ቅዱስን ፍቅሪ ኣምላኽን ነዚ ዝነጽሀ ልቡ ይገዝእዎ። ሓጢኣቱ ከምትሓድገሉ: ደም ጐይታ የሱስ ከምዘንጽሆ ዝተረጋገፀ ይኾነሉ። (1ይቲ ዮሃ.1፥7) ኣብዚ ደረጃ ምስ በፅሐ ነፍሲ ወከፍ ብእየሱስ ዝኣመነ ከምዘይመውት (ብመንፈስ) ግዳኽ ናይ ዘለኣለም ህይወት ከምዘለዎ ዘየጠራጥር ሓቂ እዩ ክብል ይጅምር: (ዮሃ.3፥16) «ብኡኡ ብደሙ ምድሓን ማለት ከምቲ ሃብቲ ጸጋኡ ሕድገት ሓጢኣት ኣሎና።» (ኤፌ. 1፥7) በዚ ኩነታት ሓጢኣት ዝመልኦ ስጋዊ ትምኒት ይርሕቕ እሞ ነቲ «ኣቐዲሙ ዘፍቀረና» (1ይቲ ዮሃ.4፥19) ንምግልጋልን ንውዑ ንምንባርን ዓቢ ትምኒት ይትካእ። ኣብ ክንዲ ዓለምን ኣብ ዓለም ዘሎ ኩነታትን: ንእግዚኣብሄርን ንናይ እግዚኣብሄር ነገራትን ምፍቃር ይመርፅ። ስለዚ ድማ ኣብዚ ስእሊ ዝርከቡ ናይ ሓጢኣት ምሳሌ ዝኾኑ እንስሳታትን ኣራዊትን ኩሉም: ኣብ ወግኢ ልቢ ኢና ንሪኦም። እንተኾነ ግና ሸይጣን ነዚ ኣቐዲሙ መሕደሪኡ ገይርዎ ዝነበረ ልቢ: መሊሱ ክኣትዎ ስለዝደሊ: ኣብ ከባቢ እዚ ሰብ ምምልላሱ ኣየቋርፀን። ስለዚ ምኽንያት እውን ጐይታ የሱስ «ናብ ፈተና ከይትኣትዉ ንቕሑ ጸልዩውን» (ማር.14፥38) ኢሉ ዘጠንቐቐና። «ንዲያብሉስ ግና ተጻረርዎ እሞ ንሱ ካባኻትኩም ክሃድም እዩ (ያእ. 4፥7)

## ራብዓይ ስእሊ

ኣብ ራብዓይ ስእሊ: ሓቀኛ ክርስቲያን ብሞት ጐይታ የሱስ ናይ ዘለኣለም ህይወትን ፍፁም ዝኾነ ሰላምን ተላቢሱ ንሪኦ። ስለዚ ብዘይ መስቀል ጐይታ ብሓንቲ ነገር እኳ ኣይምካሕን። «በቲ መስቀል ጐይታና የሱስ ክርስቶስ: ዓለም ብኡኡ ንዓይ እተሰቐለት ኣነውን ንዓለም እተሰቓልኩ እንተዘይኮይኑስ ትምክሕቲ ዘበለ ካባይ ይርሓቕ» (ገላ. 6፥14) የሱስ ኣብ መስቀል ዝሞተ «ንሓጢኣት መዊትናስ ንጽድቂ ምእንቲ ክንነብር» እዩ። (1ይቲ ጴጥ.2፥24) ሓቀኛ ክርስቲያን ንነገራት እዛ ዓለም ምውት እዩ። ቃል ኣምላክ ከምዚ ኢሉ ይእዝዘና: «ኣነስ ብመንፈስ ተመላለሱ እሞ ትምኒት ስጋ ኣይክትፍጽሙን ኢኹም እብለኩም

Copyright ANCP

4. ምስ ክርስቶስ ምሟት



ኣለኹ» (ገላ. 5፥16፤25) ጐይታ የሱስ ክዳውንቱ ተገፊፉ እተኣስረሉ ዓንዲ: ከምኡውን ዝተገርፈሉ ጭጉራፍ ኣብዚ ስእሊ ይርአይ: ምኽንያቱ ከኣ ንሱ ምእንቲ ሓጢኣት ኩላትና ከምተቐፅዔ ንምግላፅ እዩ። «ንሕናውን ብስምብራቱ ሓዊና» (ኢሳ.53፥5) «ድሕሪዚ ዓቀይቲ እቲ ሹም ንየሱስ ናብ ኣዳራሽ ፍርዲ ኣእተውዎ: ንብዘሎ ጭፍራውን ናብኡ ኣከቡ። ክዳኑ ቐንጢጦም ከኣ ቐይሕ ባርናስ ከደንዎ። ካብ እሾኽ ኣኽሊል ተኺጉሞ ኣብርእሱ ደፍኡሉ ኣብ የማናይ ኢዱ ዘንጊ ኣትሒዞም ከኣ ኣብ ቅድሚኡ እናተደፍኡ ዎ ንጉስ ኣይሁድ ከመይ ኢኻ ኢሎም ኣላገጹሉ። ቱፍ'ውን (ጡፍውን) በሉሉ እቲ ዘንጊ ኣገዲፎም ካኣ ርእሱ ወቒዕዎ። ምስ ኣላገጹሉ ነቲ ባርናስ ቐንጢጦም ክዳኑ ኸደንዎ ክሰቕልዎውን ወሰድዎ» (ማቴ.27፥27-31)

ብዙሓት ሽሞም ክርስቲያን ዝኾኑ: ሰንበት ሰንበት ናብ ቤተ ክርስቲያን እናኸዱ ቀሪቦምን ቐዲሶምን ዘሚሮምን ከብቅዑ ግናኸ በቲ ሕማቕ ግብሮምን ሓጢኣቶምን ንወዲ ኣምላኽ ደጊሞም ዝሰቕልዎ ኣለው። (እብ.6፥6) ኣቕድም ኣቢሉ ነዚ ኩነታት ብምርኣዩ ጐይታ የሱስ ከምዚ ኢሉ ነበረ «ፍቓድ እቲ ኣብ ሰማያት ዘሎ ኣቦይ ዚገብር ድኣ እምበር: ጐይታይ: ጐይታይ: ዝብለኒ ኹሉ መንግስተ ሰማያት ዝኣቱ ኣይኮነን። (ማቴ. 7፥21-27)

ካሊእ ኣብዚ ስእሊ ንሪኦ ነገራት: ገንዘብ ዝመልአ ከረጢት ናይ ይሁዳ (ምእንቲ 30 ቕርሺ ንጐይታ የሱስ ኣሕሊፉ ዝሃቦ ደቀመዘሙር) እዩ። ይሁዳ ኩሉ እዋን ዝሓስቦ ዝነበረ ነገራት ብዛዕባ ገንዘብ ጥራይ እዩ ዝነበረ። ፍቕሪ ገንዘብ ልቡ ኣሲርዎ ነበረ።

መቑሕን ፋናስን ወዘተ ድማ እቶም ለይቲ መሚኦም ንጐይታ ዝሓዝዎ ጭፍራ ሮማውያን ሒዞምዎ ዝነበሩ ነገራት እዩ ዘመልክተና። እዘን ክልተ ዛዕጐል ድማ: ንቑማር ዝጠቕማ ጭፍራ ሮማውያን ክዳኑ ክወስዱ ኸለው ዕጫ ዘውደቁሉ ነበረ «ንኽዳውንተይ ይማቐልዎ: ንቐሚሸይውን ዕጻ የውድቑሉ» (መዝ. 22፥18) ኣብ ጐይታ የሱስ ዝነበረ ኹሉ ክወስዱ ኸለው: ንዑዑ ግና: ኣይንደልዮን «እዚ ሰብ እዚ ንጉስና ክኸውን ኣይንደልዮን» በሉ።

ኣብ ዓለም ዘለው ሰባት ኹሉም በረኸት ናይ ኣምላኽ ማይ (ዝናም): ብርሃን ፀሓይን ዝመሰሉን ነገራት ይደልዩ እዮም። ግናኸ ነቲ እዚ ኹሉ ነገራት ዝሃበ ኣምላኽ ዝግብኦ ኽብሪ ሂቦም ከገልግልዎን ጐይትኦምን መራሒኦምን ክገብርዎ ኣይደልዩን። ንብዙሓት እግዚኣብሄር ኣብ እዋን

Copyright ANGP

መከራን ምቑራፅ ተስፋን ጥራሕ ዘድሊ እምበር ንኻሊእ ነገራት ዘየድሊ ኮይኑ እዩ ዝስምዖም።

ብኹናት ጒድኑ ምስወግእዎ «ደምን ማይን ወጺኡ» (ዮሃ.19፥33-37) ቕድሚ ደርሆ ምንቓው ጴጥሮስ ንጐይታ ሰለስተ ሳዕ ክሒድዎ ነበረ: ድሓር ግና ተጣዒሱ መሪር ንብዓት ነብዐ (ማቴ.26፥69-75)

ክቡር ኣንባቢ: (ነባቢ) ብሓቂን ብግልጺን ልብኻ ንጐይታ የሱስ ምሃብካ ትምስክርዶ: ብግብርኻ ኮነ ብኣፍካ ትእውጅዶ ወይስ ሰባት ንጐይታ የሱስ ምስዓብካን: መፅሓፍ ቅዱስ ምንባብካን ከይፈልጡ ትደሊን: ብጐይታ ትሓፍርን: ጐይታ የሱስ ከምዚ በለ «ስለዚ ኣብ ቅድሚ ሰብ ንተኣመነኒ ኹሉ ኣነ ኸኣ ኣብ ቕድሚ እቲ ኣብ ሰማያት ዘሎ ኣቦይ ክእመኖ እየ። ኣብ ቅድሚ ሰብ ንዝኽሓደኒ ግና: ኣነ ድማ ኣብ ቅድሚ እቲ ኣብ ሰማያት ዘሎ ኣቦይ ክኽሕዶ እየ (ማቴ.10፥32-33) «ከምዚ ድማ በለ» መስቀሉ ኣልዒሉ ደድሕረይ ዘይስዕብ ንዓይ ኣይበቅዕን (ማቴ.10፥38)። ኣብቲ ከውሒ: ማለት ኣብ ክርስቶስ የሱስ መዕቆቢ ዝረኸቡ ብፁኣን እዮም።

ናይ ዘመናት እሙን ከውሒ

ዎ ጐይታ የሱስ

ኣብፀልማት'ዛ ዓለም ከምፀሓይ ከምወርሒ


ኣብርሀለይ እሞ በቲ ቅዱስ መንፈስ

መዕቆቢው'ን ኩነኒ ካብ ሓጢኣት ክሃድም
ሕፀበኒ ፈዊምካ ኣፅር የኒ በቲ ናትካ ደም
ሓራ ምእንቲ ክወፅእ ካብ ጥፍኣት ካብ መርገም
ፅሩይ ኮይነ ክቕውም ኣብታ ሃገር ናይ ዘለኣለም።

## ሓምሻይ ስእለ

ሓምሻይ ስእሊ ድማ ዝገልፀልና ብዓቢ ፀጋን ምሕረት ኣምላኽን ድሕነት ዝረኸበ ሓጢኣተኛ: ልቡ ዝፀረየን ንፁህን ከምዝኸውን እዩ። ሓቀኛ መቕደስ ኣምላኽ መሕደሪ ኣብ ወልድ መንፈስ ቅዱስ ይኸውን እዚ ተስፋ ኣቕድም ኣቢሉ ብጐይታና እየሱስ ተዋሂቡና እዩ። «የሱስ ከኣ ዘፍቅረኒ እንተሎ ቓለይ ይሕሉ እዩ: ኣቦይ ድማ የፍቅሮ ናብኡ'ውን ንመጽእ ኣብኡ ካኣ ማሕደር ክንገብር ኢና:» (ዮሃ.14፥23) ኣምላኽ ንሰብ ብወዱ ኣቢሉ

Copyright ANGP



Copyright ANCP

5. መቅደስ አምላኽ

ይባርኾ፡ የኽብሮን የልዕሉን (ሉቃ.1፥52) ልቢ ሰብ ሓቀኛ መቕደስ ኣምላኽ ክኸውን ከሎ ሓጢኣት ፈጺሙ ይርሕቕ። ኣብ ክንዲ እዞም ዝሬእናዮም ብሸይጣን ኣቦ ሓሶት ዝተልኣኹን ዝምርሑን እንስሳ ምስ ኣራዊት፡ መንፈስ ቅዱስ መንፈስ ሓቂ ኣብ ልቢ ይገዝእ። ኣብ ክንዲ መፍረይ ሓጢኣት፡ እዚ ልቢ፡ ሰናይ ፍረ ዝህብ ቦታ ናይ ኣትኽልቲ ይኸውን እሞ ናይ መንፈስ ፍረታት ከም ፍቕሪ፡ ሰላም ሓጐስ፡ ዕርቂ፡ ዓቕሊ ለውሃት፡ ሕያውነት፡ እምነት፡ ህድኣት፡ ይኣኽለኒ ምባልን ከምዚ ዝመሰሉ ንኣምላኽን ንሰብን ዘሕጉሱ ፍረታት የውፅእ (ገላ.5፥22-23) ኣብዚ ግዜ እዚ፡ ናይቲ ሓቀኛ ጉንዲ ወይኒ ማለት ናይ ጐይታ የሱስ ፍረ ዘፍሪ ጨንፈር ይኸውን። እቲ ምስጢር ፍረ ምፍራይ ድማ ምስ ክርስቶስ ዘለዎ ሕብረት ምፅንዑ እዩ። ክርስቶስ ምስ ቃሉ ድማ ኣብዚ ልቢ ይፀንዕ (ዮሃ. 15፥1-10) ብመንፈስ ቅዱስ ምስተመልአን ምስተጠምቀን ድማ፡ ንግብሪ ስጋን፡ ንትምኒት ፍጥረታዊ ሰብን ዝስዕር ሓይሊ ይህልዎ። (ገላ.5፥24) መንፈስ ቅዱስ ስለዝመርሖውን ትምኒት ስጋ ኣይክፍጽምን (ገላ.5፥16) ብዝርእዮ፡ ብዝሰምዖን ዝስምዖን ነገራት ምንባር ይተርፍ እሞ፡ ብእምነት ይነብር። ምኽንያቱ «እታ ንዓለም እንስዕረላ ስዕረት ከኣ፡ ንሳ እምነትና እያ» (1ይቲ ዮሃ. 5፥4) ዝተረጋገፀ ናብራን ተስፋን ዘለዎ ሰብ ይኸውን። ጐይታ የሱስ ኣብ ቀረባ እዋን ከም ዝምለስ ተስፋ ብምግባሩ ሓይሊ ይረክብ። ነቲ ንዘለኣለም ዝነብር ፍቕሪ ኣምላኽ ከኣ እናተላመደ ይነብር፡ «ጽሩያት ልቢ ንኣምላኽ ኪርእይዎ እዮም እሞ ብጹኣን እዮም» (ማቴ. 5፥8)

ንጉስ ዳዊት ብዙሕ ሃብቲ ዘለዎን ኣብ ልዕሊ ጸላእቱ ዓወት ዝረኸበ እንተኾነ እኳ፡ እቲ ዝበርትዐ ቃልሲ ወይ ከኣ ኹናት ኣብ ልቢ ሰብ ከምዝኾነ ተረዲኡ ነበረ። ስለዚ ኣብ ልቡ ነዚ ናይ መንፈስ ዓወት ክረክብ ከምዚ ኢሉ ለመነ፡ ዎ ኣምላኽ ጽሩይ ልቢ ፍጠረለይ፡ ጽኑዕ መንፈስ ከኣ ኣብ ልበይ ሓድስ (መዝ.51፥10) ሓደ እኳ ንልቡ ባዕሉ ከፅሪ ዝኽእል የልቦን፡ ንጹህ ወይ ከኣ ፅሩይ ልቢ ክህልዎ ክገብር ዝኽእልውን የሉን። ብዘይካ እቲ ብሓቂ ተጣዒሱ ናብ ኣምላኽ ዝቀረበን፡ ከምቲ ዳዊት ዝገበሮ ናብ ኣምላኽ ዘእወየን። ኣምላኽ ኣብ ህይወትና ሓዲሽ ነገራት ክገብር ይደሊ እዩ። ዝተቐደደን ዝተበታተኸን ክዳውንቲ ፅድቅና፡ ሓሶት ዝኾነ ናይ ዓለም ተስፋታትን መተኣማመኒና ነቲ ልብና መሕደሪ ኣምላኽ ንክኸውን ብቑዕ ኣይገብሮን። ኣምላኽ ግና ኣዝዩ ክሕግዘና ይደሊ። ስለምንታይ፡ ኣቐዲሙ ኪዳን ኣትዩልና ስለዝነበረ እዩ። «ጽሩይ ማይ ክነጽገልኩም እየ እሞ፡ ክትጸርዩ ኢኹም። ካብ ኩሉ ርኹሰትኩምን ካብ ኩሉም



Copyright ANGP

ጣኦታትኩምን ከጽርየኩም እየ። ሓድሽ ልቢ ድማ ክህበኩም: ሓድሽ መንፈስ ከኣ ክሕድረልኩም: ናይ እምኒ ልቢ ካብ ስጋኹም ከውጽእ: ናይ ስጋ ልቢ'ውን ክህበኩም እየ። ንመንፈሰይ ኣብ ውሽጥኹም ክሕድር: ብትእዛዘይ ከመላልሰኩም ፍርደይ ክሕልወኩምን ክግበረኩምን እየ።» (ህዝ. 36፥25-27) ነዚ መልእኽቲ ሓዲሽ ኪዳን: ኣምላክ ብወዱ ብጐይታ የሱስ ፈፀሞ።


ኣብዚ ስእሊ መልኣኽ ኣምላኽ መሊሱ ክመፅእ ነስተውዕል። መላእኽቲ: ኣምላኽ ንዝፈርሁ ሰባት ክሕልዉን ካብ ሓደጋታት ኪድሕኑን ዝተኣዘዙ እዮም። (መዝ.34፥7፤ 91፥11፤ ዳን.6፥22፤ ማቴ.2፥13፤ 13፥39፤ 18፥10፤ ግብሪ ሃዋ 5፥19፤ 12፥7-10) ብሓደ ወገን ድማ ዲያብሎስ ናብቲ ልቢ ቐሪቡ ይርከብ። ምኽንያቱ መገዲ ወይ ከኣ ዕድል እንተረኺበ መሊሱ ክኣቱ እናተፀበየ እዩ። ስለዚውን እዩ ቃል ኣምላኽ ከምዚ ኪብል ዘጠንቅቐና «ዲያብሎስ እቲ መጻርርትኹም ዚውሕጦ ደልዩ ከም ዝጓዝም ኣንበሳ ኰይኑ ይዘውር ኣሎ እሞ ተጠንቀቑ» (1ይቲ ጴጥ.5፥8) ሸይጣን መብዛሕትኡ እዋን ንመልኣኽ ብርሃን ክመስል መልክዑ ለዊጡ ሸለል ንዝብሉ ክርስቲያን ብናይ ዓለም ፍቕሪን ትምኒትን ክፍትኖምን ክታልሎምን ይደሊ። እንተኾነ ግና እንድሕር ተቓዊምናዮ ካባና ይሃድም እዩ። (ያእ. 4፥7)

## ሻድሻይ ስእሊ

ካብ እምነቱ ንድሕሪት ዝተመልሰ ሰብ: ዝህልዎ ዘሕዝን ልቢ ዘርኢ ስእሊ እዩ። ነቲ ሓደ ዓይኑ ፀቒጥዎ ኣሎ: እዚ ማለት ብእምነቱ ምዝሓልን ምድቃስን ከምዝጀመረ ንምግላፅ እዩ። እቲ ሓደ ዓይኑ ግና ብዘይ ምሕናኽ ከባቢኡ ይርኢ ኣሎ። ማለት ብፍቕሪ እዛ ዓለም ተታሒዙ ይርከብ። ኣብ ውሽጡ ዝነበረ ብርሃን ክፅልምት ስለዝጀመረ ምስ ክርስቶስ ክሳቐይ ድልው ዝነበረ ልቡ ተለዊጡ ጠዋይ ነገራት ይሓስብ። ብብዙሕ ፈተናታት ተኸቢቡ'ውን ይርአይ: ስለምንታይ ኣቀዲሙ ኣብ ክንዲ ምቕዋም መገዲ ከፈቱ ስለዝፀንሐ እዩ። ኣብ ክንዲ ንተስፋታት ኣምላኽ ምስማዕ: ንዘዕሹ ሓሳባትን ሓሶት ንዝኾነ ተስፋታት ሸይጣንን ይሰምዕ። ወላ እኳ ቤተ ክርስቲያን ምኻድ እንተዘየቋረፀ: ክርስቲያን'ውን እንተመሰለ: ኣብ ውሽጡ ድሌት ናይዛ ዓለም ነገራት እናተሓብአ ነቲ ኣብ ልቡ ዝነበረ ፍቕሪ ኣምላኽ እናዝሓሉ ይመፅእ: ክውስን ዘይኽእል: ኣብ ክልተ መገዲ ጠጠው ዝበለ ሰብ ኮይኑ እዩ። ቀስ እናበለ ድማ ብናይ ዓለም ነገራት ምፅዋት ይጅምር: ፍቕሪ ኣምላኽ ዘለዎ ክመስል ይፍትን: ኣብልቡ ዝነበረ ኲኸብ ማለት

Copyright ANGP

6. ኣብ ፈተና ዝወደቐን ዝተመቕለን ልቢ



ምስትውዓሉ ይፅልምት መስቀል ምስካም ከምዓቢ ሰኸም ድኣ ይቐጽሮ እምበር ኣየሕጉሶን: እምነቱ'ውን ስለዝናወፅ ብጸሎት ምስ ኣምላኽ ዝነበሮ ርክብ ይቋረፅ: ብዛዕባ ኩነታት ልቡ ዘይግድሶ ይኸውን: ኣብደገልቡ ዝፅበይ ዝነበረ ሸይጣን ድማ ስፍራ ስለዝረክብ መሊሱ ይኣቱ። ምስ ሓቀኛ ክርስቲያን ካብ ምኳን ምስ ክፉኣትን ሓጥኣንን ሕብረት ክገብር ደስ ይብሎ። እቲ ናይ ኩርዓት ምስላ ዝኾነ ኣንበሳ ናብ ልቡ መእተዊ ነኺል ይደሊ: ብፀጋ ምድሓኑ ይርስዕ እሞ ዕቡይ ይኸውን። ድሌት መስተ ኣብ ደገ ኣፍልቡ ምኩሕኳሕ ይጅምር። ኣብፍልይ ዝበሉ እዋናት ምስ ሰተይቲ ኣእሩክቱ ክኸውን ክሉ ዘይምስታዩ ከም ዘይሰልጠነ ወይ ከኣ ዘይሕወስ ከምዘቑፅሮ ስለዝመስሎን ስለዝሓፍርን ክሰቲ ይግደድ። ሸይጣንው'ን: እንታይ ኣለዎ ኣብ ዝተፈለየ እዋን ሓደ ግዜ እንተሰቴኻ ኣይጐድኣካን ይብሎ: ብኡ ብኡውን መንፈሳዊ ዘይኮኑ ሓሳባት ኣብ ልቡ ይኣትዉ። ከም ላግዒ: ንናይ ርኹሰት ስእልታት ምርኣይ እንዳ ቤት ሳዕስዒት (ዳንሲ) ምኻድ ክፉእ ግበረታት ምግባር ዘሕጉሶ ይኸውን።


ዲያብሎስው'ን: ኩሉ ወዲ ሰብ ዝገብሮ ነገራት እዩ ሓደ ሓጢኣት ድማ ብዙሕ ኣይጐድእን እናበለ ይጥብሮ። ብርግፀ ኣዕዋፍ ክፍኣት: ኣብ ልዕሊ ርእስና እንተነፈሩ ክንገብሮ ንኽእል ነገራት የልቦን: ግናኸ ኣብ ልብና ክፍኣት ካፍርዩ መስፈሪ ሰሪሖም እንተተቀፃፂሮምና ግና በደለኛታት ንኸውን። ንዲያብሎስ ኣፃብዕትና እንተሃብናዮ ኩሉ ሰብነትና ስሒቡ ናብ ገሃነም ከም ዝድርብዮ ፍሉጥ እዩ። ስለዚ ድማ ኣምላኽ ብሓጢኣት ከይንፃወትን ካብ ስምዒት ንእስነት ክንሃድምን ኣዝዩ የጠንቅቐና። መዕቆብን መፀግዕን ናብ ዝኾነ ጐይታ ናብ የሱስ ንህደም።

ኣብዚ ስእሊ ሓደ ሰብ ነዚ ዝተመቕለ ልቢ ብኻራ ክወግኦ ንሪኢ። እዚ ማለት ድማ ንእምነት ክርስትና ዝቃወሙን ዝስሕቑን ሰባት: ሓሶት ብዝመልኦ መልሓሶምን: ላግዒ ብዝፈቱ ክናፍሮምን ልቢ ክርስቲያን ከምዝወግኡ እዩ። እዚ ዘተመቕለ ልቢ ነዚ ኩነታት ክዕገስ ስለዘይኽእል ካብ እግዚኣብሄር ንላዕሊ ሰባት ክፈርሕ ይጅምር። ሰባት ንዝብልዎን ንዝገብርዎን ቦታ ስለዝህቦ ባርያ ሰባት ይኸውን: ካብ እግዚኣብሄር ከኣ ይርሕቅ: ኣብ እዋን ሽግርን ሓዘንን ብንዳርን ኩራን ይምላእ። እቲ ተመን ናይ ቅንኢ ኣብ ልቡ ስለዝመፅእ ሰባት ክዕወቱ ኸለው: ክርህዎም ከሉ ደስ ኣይብሎን። ቀስ እናበለ ድማ ፅልኢን ትዕቢትን ይሕዞ። ትዕዛዝ ናይ ጐይታ የሱስ እንተ ድእ ዘየስተብሃልና: ፍቅሪ ገንዘብ ናብ ልብና ብቐሊል መገዲ ክኣቱ ይኽእል። ጐይታ ከምዚ በለ «ናብ ፈተና ከይትኣትውሲ ንቕሑን ጸልዩን» (ማቴ.26፥41) «ስለዚ እቲ ደው ኢሉ ዘሎ ዝመስሎ ከይወድቕ



Copyright ANCP

7. ካብ እምነት ንድሕሪት ዝተመልሰን ዝተረረን ልቢ



ይጠንቀቕ» (1ይቲ ቆሮ. 10፥12) «ስለዚ በታ እከይቲ መዓልቲ ምቅዋም ምእንቲ ክትክእሉ ኩሉ ምስ ኣስለጥኩምዎ'ን ደው ክትብሉስ ብዘሎ ኣጽዋር ኣምላኽ ኣልዕሉ (ኤፌ.6፥11-18)

## ሻውዓይ ስእሊ

እዚ ስእሊ ዝገልፀልና ድማ እምነቱ ዝሓደገ ማለት ካብ እምነት ንድሕሪት ዝተመልሰ ሰብ ዝህልዎ ልቢ እዩ። እዚ ሰብ ሓደ እዋን ብርሃን ኣምላኽ በሪሁሉ ህያብ ናይ መንግስተ ሰማያት መንፈስ ቅዱስ ተቐቢሉ ዝነበረ እዩ። (እብ.6፥4) ከምኡውን ፈቒሙ ልቡ ንኣምላኽ ዘይሃበ ንስሃ ዘይገበረ: ወላ እኳ መገዲ ሓቂ ወንጌል እንተተነገሮን እንተበርሀሉን ኣምላኽ እንተተዛረቦ ዘይምለስ: ልቡ እናተረረ እናገደደን እናኸፍአን ዝኸይድ ሰብ ዘለዎ ኩነታት በዚ ስእሊ ተገሊፁ ንረኢ። ጐይታ የሱስ ባዕሉ ብዛዕባ እምነቱ ዝሓደገ ሰብ ከምዚ በለ: «ርኹስ መንፈስ ካብ ሰብ ምስ ወጸ: ዕረፍቲ ደልዩ ናብ ኣጻምእ ቦታ ይኸይድ እሞ እንተ ዘይረኸበ: ናብታ ዝወጻእኩላ ገዛይ ድአ ክምለስ ይብል: ምስመጸ ድማ ተኾስቲራን ተሰሊማን ትጸንሖ: ሽዑ ንሱ ይኸይድ ካብኡ ዚገዱ ካልኦት ሸብዓተ መናፍስቲ ኻኣ ምስኡ ይማላእ ኣትዮም ኣብኡ ይሰፍሩ: ነቲ ሰብ እቲ ኻብ ቀዳማዩስ ዳሕራይ ይገዶ» (ሉቃ.11፥24-26) ከምቲ ምስላ ሓቂ: ከልቢ ናብ ትፍኡ ተመለሰ: ሓሰማውን ተሓጺባስ ኣብጸብሪ ኣንገርገረት: ዚብሉ በጺሕዎም ኣሎ» (2ይቲ ጴጥ.2፥22) በዚ ዝነበብናዮ ቃለ እግዚኣብሄር ኩነታት ልቢ ዘይኣምኑን: ካብ እምነቶም ንድሕሪት ዝተመልሱን ሰባት: ብግልፂ ንርድእ። ሓጢኣት ምስ ምሉእ መስሓቲ መገድታት: ኣብ ልቡ ትሓድር እሞ ትቆፃፀር። ኩነታት ናይ ልቡ ድማ ካብ ገፁ ክንበብ ይከኣል እዩ። እቲ ምሳሌ ናይ መንፈስ ቅዱስ ዝኾነ ርግቢ: ምስ ሓጢኣት ብሓባር ክነብር ስለዘይኽእል ካብኡ ክርሕቕ ይግደድ። ልቢ ሰብ መቕደስ ናይ ኣምላኽን መሕደር ሸይጣንን ክኸውን ኣይኽእልን እዩ። ብመልኣኽ ዝተመሰለ ቃለ እግዚኣብሄር'ውን እንዳሓዘነ ይፍለዮ። እንተኾነ ግና ከምቲ ዝጠፍአ ወዲ ይጠዓስዶ ይኸውን ኢሉ ገፁ እናመለሰ ይጥምቶ። «ተንስኤ ድማ ናብ ኣቦይ ኽኸይድ እሞ: ኣቦይ ንሰማይን ኣብቅድሜኻን ሓጢኣት ገበርኩ: ደጊም ወድኻ ክብሃል ኣይበቅዕን እየ: ከም ሓደ ካብ ገዙኣትካ ግበረኒ ክብሉ ተንሲኡ ናብ ኣብኡ ኸደ። ኣቦኡ ድማ ገና ርሑቕ ከሎ ረአዮ እሞ ደንገጸሉ: ጐይዩ ኸኣ ብኽሳዱ ሓኒቚ ሰዓሞ: (ሉቃ.15፥16-20) ኣብዚ ሻውዓይ ስእሊ ንሪኦ ኩነታት ግና ፍጹም ዘይተጠዓሰ ልቢ እዩ: ናብ ኣምላኽ ምምላስ ኾነ ምሕረት ካብ እግሪ ጐይታ የሱስ ምቕባል ከቶ ኣይደሊን። ሕሊንኡ

ዝተቃፀለን ዝሞተን ኣብ ልዕሊ ምኳኑ: እዝኒ ኸለዎ: ተመለስ ዝብል ልመና ጐይታ የሱስ ዘይሰምዕ: ዓይኒ ኸለዎ: ኣብጥቓ እግሩ ዝበጽሐ ገደል ናይ ገሃነም ክርእይ ዘይኽእል ሰብ ኮይኑ እዩ ዘሎ። ናብራ ሓጢኣት ዘየሕፍሮ ኣብልቡ ድማ ሸይጣን ዙፋኑ ዘርጊሑ ዝነገሰ ሰብ እዩ። እወ ብወፃኢ ኩነታቱ ጥዑይ: ዝተኸበረን ሃይማኖት ዘለዎን ክመስልን ክምኻሕን ይኽእል: እዚ ድማ ወጻኢኡ ጽቡቕ ኮይኑ ዝርኤ: ውሽጡ ግና ኣዕጽምቲ ምውታትን ርኹሰትን ዝመልኤ» (ማቴ.23፥27) ዝበሎ ቃል ኣማላኺ ማለት እዩ። ኣቦ ሓሶት ዝኾነ ሸይጣን ስለዝወርሶ ነቶም ምሳሌ ሓጢኣት ዝኾኑ እንስሳታትን ኣራዊትን: ምስ ኣጋንንቲን ርኹሳት መናፍስትን ኩሎም ኣብ ልቡ ይመልኡ። ካብ እዚኣቶም ዘሳቕዩ መናፍስቲ ክሃድም እንተፈተነ እኳ ኣይኽእልን: ኣብ ማእሰርቲ ይውዕል። «እቲ ሕጊ ሙሴ ዘፍርስ ብቓል ክልተ ወይ ሰለስተ ምስክር እዩ ብዘይ ድንጋጸ ዝመውት። ንወዲ ኣምላኽ ዝረገጸ: ነቲ እተቐደሰሉ ደም ኪዳን ከኣ ዘርከሰ: ንመንፈስ ጸጋውን ዝጸረፈ ግዳ ክንደይ ዝገደደ ቕጽዓት ዘይግብኦ ይመስለኩም» (እብ.10፥28-29፤ 2ይቲ ጴጥ.2፥1-14)


ክቡር ዓርከይ እዚ ስእሊ ምስ ኩነታት ልብኻ ዝመስል እንተኾይኑ: ግዜ ከየሕለፍካ ናብ ኣምላኽ ተማህለል: ካብ ማዕሙቕ ልብኻ ክተእዊ ይግባኣካ እዩ። ስለምንታይ ኣምላኽ ኩሉ ግዜ ብጐይታ የሱስ ናብኡ ንዝመፁ ኹሎም ከድሕኖም ስለዝኽእል እዩ። (እብራ. 7፥25) ንኹሉ ሓጢኣት ይቕረ ክብል ዝፈቱን ዝኽእልን እግዚኣብሄር ጥራሕ እዩ። ብሓቂ ተጣዒስካ መፂእኻ ንኣምላኽ ፍቓድ እንተሃብካዮ: ንዲያብሎስ ምስ ኣጋንንቲ ኹሎም ካባኻ ክርሕቆም ይፈቱ እዩ። ከምቲ ናብ የሱስ ዝመፀ ለምፃም ሰብ ግበር: «እንተትፈቱስ ከተንጻሀኒ ትኽእል ኢኻ እናበለ ለመኖ: የሱስ ከኣ ደንገጸሉ (ሓዘነሉ) ኢዱ ዘርጊሑ ነኸኦ (ተንከዮ:) ፈትየ ኣለኹ ንጻህ በሎ:» (ማር.1፥40-41) ግናኽ ልብኻ ኣትሪርካ እንተ ኣቢኻ: ካብ ብርሃን ፀልማት እንተፈቶኻ ተስፋ የብልካን ካብ ህይወት ሞት መሪፅካ ኣሎኻ ማለት እዩ። እዚ ድማ «ዓስቢ ሓጢኣት ሞት እዩ» (ሮሜ 6፥23) ዝኸውን።

## ሻምናይ ስእሊ

ልቡ ዝተረረ ሰብ ከም ብመቑሕ ዝተኣሰረ እዩ ዝኸውን: ንክርስቶስ ክስዕብ ኣይደሊን። ሓደ ሓደ እዋን እኳ ፍርሃት ሞት ክስምዖ ኸሎ ክስዕብ ከምዝግብኦ እንተተረድኦ: ፀባሕ እናበለ ግዚኡ የሕልፍ። ሕማም ክመፅእ ከሎ: ሞትውን ኣብዘይ ተሓስበን ዘይተደልየን እዋን ከም ዓፅሚ ሬሳ ኾይኑ ክመፅእ ኸሎ: መታለሊ ዝኾነ ሓጉስ ናይ ሓጢኣት ይፅልምት። ዓቢ ዝኾነ



Copyright ANGF




8. ፍርዲ ሓጥእ


ዋጋ ናይ ሓጢኣት ኣብ ቅድሚ እዚ ሰብ ይቐውም። በዚ ግዜ እዚ ክፅልይ እንተደለየ እኳ ኣይኽእልን። ምኽንያቱ ኣቐዲሙ ንፍቕሪ ኣምላኽ ስለዝነፀጎ እዩ። ኣብ ዙርያ ዓራቱ ዓፅሩኽቱ ተኣኪቦም ብፍርሒ ይርእይዎ። ከፀናንዕዎ እንተፈተኑ እውን ዘረብኦም ሓንቲ እኳ ኣይጠቕሞን። ሃብቱ ዕድሚኡ ከንውሖሉ ኣይኽእልን: ወይ ድማ ካብ ቃንዛን ካብ ሲኦልን ከድሕኖ ኣይኽእልን። ሸይጣን ዕድል ስለዘይሀቦ ናብ ኣምላኽ ልቡ ክመልስ ኣይካኣሉን። ሓደ እዋን ዘፍቅሮ ዝነበረ ኹሉ: ማለት ግዚኡ ዘሕልፈሉ ዝነበረ ኩሉ: ቤተ ክርስትያን ይኹን: ዘፍቅሮ ዝነበረ ህይወት (ድሕነት) ዘይረኸበ ካህን: ካልኦትውን ነገራት ዘላግፁሉ ይመስሉ: ክረድእዎ ኣይኽእሉን። ናብ ፍርዲ ኣምላኽ ከምዝቐረበ ስለዝስምዖ ቃል ኣምላኽ ክዝክር ይጅምር «ኣብ ኢድ ህያው ኣምላኽ ምውዳቕ ዜሰክሕ እዩ:» (እብ.10፥31) ኣብ ዝጠዓሞ (ዝመቸዎ) ግዜ ህይወቱ ንኣምላኽ ከህብ ሓሲቡን ተስፋ ገይሩን እንተነበረ እኳ: ኣብዚ መወዳእታ ሰዓት ዘይከኣልን ግዚኡ ዝሓለፎን ኮይኑ ይርእዮ: ብኸምዚ ኩነታት ብኣሸሓት ዝቑፀሩ ሰባት ናብ ኣምላኽ ንምምላስ ዕድል ከይረኸቡ ድንገት ህይወቶም ይሓልፍ። ስለዚ ኣምላኽ ኣብ ቐረባ ኸሎ ክንሰምዖን ክንቕበሎን ይግብኣና።

እዚ ኣብ ኣፍ ደገ ሞት ዘሎ ሰብ: ኣብ ክንዲ ዘፀናንዕ ቃል ኣምላኽ: ዘጨንቕ ፍርዲ እዩ ዝሰምዕ። ምሉእ ዕድሚኡ ንምሕረትን ፍቅሪን ኣምላኽ ዝነዓቐ ሰብ: መወዳእትኡ እዚ እዩ ዝኸውን። ከምዚ ዝብል ቃል ፍርዲ ይሰምዕ «ኣቱም ርጉማት ካባይ ርሓቑ: ናብቲ ንሰይጣንን ንመላእኽቱን እተዳለወ ናይ ዘለኣለም ሓዊ» (ማቴ. 25፥41) «ከምቲ ንሰብ ሓንሳእ ሙማት ብድሕሪኡውን ፍርዲ እተሰርዖ» ይፍፀም (እብ.9፥27)

## ታሽዓይ ስእሊ

ታሽዓይ ስእሊ ዝነግረና ብዛዕባ ብእምነቱ ፅኑዕ ዝኾነ: ኣብ ግዜ መከራን ፈተና’ውን እሙን ኮይኑ ንኹሉ ዝሰዓረ ክርስቲያን እዩ። ብኹሉ መገድታት ፈተና እንተበዝሓውን ክሳብ መወዳእታ ተዓጊሱ ብክርስቶስ የሱስ ዓወት ይረክብ። ናብ ክርስቲያን ምሕዋስ ጥራሕ ዘይኮነ ሃይማኖቱ ዕላማኡ ገይሩ ዝነበረን ኣዒንቱ ናብቲ ጀማሪን ፈጻሚን እምነቱ ናብ የሱስ እናጠመታ ቀሪፁ ዝጐየየ ሰብ እዩ። (እብ.12፥1-2) ሸይጣን ምስ ምሉእ ሰራዊቱን ኣጋንንቲን: ነዚ እሙን ልቢ ብትዕቢት ብፍቕሪ ገንዘብ ብምብዕላግን ብኻልኦት ሓጢኣት ከስሕቱ እንተኸበቡዎ እኳ ከዕውቱ ኣይኽእሉን። ኣብዚ ስእሊ ኣብ ክንዲ ነብሪ ኣድጊ ኢና ንሪኢ: ምኽንያቱ መብዛሕቱ እዋን ሓጢኣት መልክዑን ሸሙን ለዊጡ ስለዝመፅእ እዩ። ጥንቁቕ

Copyright ANGP




9. ዝተዓወተ ልቢ

ክርስቲያን ግና ብሽም ሃይማኖት ዝመፅእ ሓጢኣት ይኹን ወይ ድማ መልኣኽ ብርሃን መሲሉ ዝመፅእ ሸይጣን ከዕሽውዎ ኣይኽእሉን። እዚ ከኣ ብቃል ኣምላኽን ብመንፈስ ቅዱስን ናብ መገዲ ሓቂ ስለዝምራሕ እዩ።

ሓደ ሰብ ብኹባያ መስተ ሒዙ እናሳዕስዔ ብናይ ሓሶት ሓጐስ ክስሕቦ ኣብ ጥቓ ልቢ እዚ ዕውት ክርስቲያን ይርአይ ኣሎ። ይኹን እምበር ምስ ክርስቶስ ንሓጢኣትን ንፍትወት ዓለምን ሞይቱ እዩ እሞ: ነዚ ህይወቱ ንኣምላኽ ዝሃበ ሰብ ምንም ስምዒት ኣይህቦን። ካሊእ ሰብ ድማ ኣብዚ ስእሊ ነቲ ልቢ ሓቀኛ ኣማኒ ብኻራ ክውግኦ ንሪኢ። እዚ ማለት ብፀርፊን ብሕሜትን ብላግፂን ንሓቀኛ ክርስቲያን ዘሸግሩን ዘግሁዩን ሰባት እዮም። እዚኣቶም ድማ ሰብ ናይዛ ዓለም ጥራሕ ዘይኮኑስ: መልክዕ ክርስትና ዘለዎም ኣብ ቤተክርስቲያን ዝርከቡ ሰባትውን ክኾኑ ይኽእሉ። እዚ ፅኑዕ ክርስቲያን ግና ንቃል ኣምላኽ እምበር ዘረባ ሰብ ኣይሰምዕን። ከምዚ ዝብል ቃል ጐይታ'ውን ይዝከር: «እንተጸረፉኹምን እንተ ስጐጐኹምን ምእንታይ ድማ ክፉእ ዘበለ ብሓሶት እንተተዛረቡ ልኩምን: ብጹኣን ኢኹም። ኣብ ሰማያት ዓስብኹም ብዙሕ ስለዝኾነ ተሓጐሱ ባህውን ይበልኩም» (ማቴ.5፥11-12) ብሓጢኣት ዝረስሐ ስጋን ዲያብሎስን: ንሓቀኛ ክርስቲያን ካብ ኣምላኽ ክፈልዩ ብዘይምቁራፅ ይፅዕሩ። ይኹን እምበር እቲ ሓቀኛ ክርስቲያን ብድፍረትን ብታሕጓስን ከምዚ ክብል ይግባእ «ካብታ ፍቅሪ ክርስቶስ ዝፈልየና መን እዩ: ጭንቀትዶ ጸበባዶ: ስደትዶ: ጥሜትዶ: ዕርቃንዶ: ፍርሂዶ ወይስ ሰይፊ (ሮሜ 8፥35) ‹በዚ ኹሉ በቲ ዘፍቀረና ኣጸቢቕና ንስዕር ኢና› (ሮሜ 8፥37) ምሉእ ኣፅዋር ኣምላኽ ስለዝለብስ'ውን: ንኽፍኣት ሰይጣን ክቃወም ዝኽእል ይኸውን። በቲ ክፉእ እዋን ክሳብ መወዳእታ ተቓሊሱ ኩሉ ፀገማትን ፈተናታትን ብዝሰዓረ ብጐይታ የሱስ ፀኒዑ ዓወት ይረክብ። ዘይፅምሉ ኣኽሊል ክብሪውን ይቕበል። (ኤፌ.6፥10-18፤ 1ይቲ ጴጥ.5፥4)

ኰኾብ ማለት ምስላ ናይ ሕልንኡ ፅሩይን ብሩህን ኮይኑ ይርከብ ልቡ ድማ ብእምነትን ብመንፈስ ቅዱስን ዝተመልአ እዩ። እቲ መልኣኽ ማለት ቃል እግዚኣብሄር ብዛዕባ እቲ ክሳብ መወዳእታ ተጋዲሉ ዝፀንዐን ዝተዓወተን ዝፅበዮ በረኸት የዘክሮ: ‹ነቲ ዝስዕር ካብታ ኣብ ገነት ኣምላኽ ዘላ ኦም ህይወት ክበልዕ ክህቦ እየ: እቲ ዝስዕር በቲ ካልኣይ ሞት ኣይክጉዳእን እዩ። ነቲ ዝስዕር ካብቲ ስውር ማናክህቦ እየ: ጻዕዳ እምኒ ድማ ብዘይ እቲ እትቕበላስ ሓደ እኳ ዘይፈልጦ ኣብታ እምኒ እቲኣ እተጻሕፈ ሓድሽ ሽም ክህቦ እየ። ነቲ ዝስዕር ክሳዕ መወዳእታውን ግብረይ ዚሕሉንሲ: ከምቲ ኣነ ካብ ኣቦይ እተቀበልኩዎ ኣብ ልዕሊ እቶም አህዛብ ከስልጥኖ እየ:

Copyright ANGP

እቲ ዝስዕር ከምኡ ጻዕዳ ክዳውንቲ ኪኸደን እዩ። ኣነውን ንስሙ ኻብ መጽሓፍ ህይወት ኣይኪፍሕቖን እየ: ኣብ ቅድሚ ኣቦይን ኣብ ቅድሚ መላእኽቱን ድማ ንስሙ ክእመኖ እየ። ነዚ ዝስዕር ኣብታ መቕደስ ኣምላኸይ ዓንዲ ክገብሮ እየ ካብኣ ከቶ ኣይኪወጽእን እዩ። ከምቲ ኣነውን ዝሰዓርኩ እሞ ምስ ኣቦይ ኣብ ዙፋኑ እተቐመጥኩ: ነዚ ዝስዕር ኣብ ዙፋነይ ምሳይ ክቕመጥ ክህቦ እየ። (ራእ. 2፥7፤ 11፤26፤ 3፥5፤ 12፤21)

ገንዘብ ዝሓዘ ዝተኸፍተ ባልጃ ወይ ከኣ ለቖታ ዘመልክተና ሓቀኛ ክርስቲያን ልቡ ጥራሕ ዘይኮነስ ገንዘቡውን ንኣምላኽ ዝተወፈየ (ዝተወሃበ) ምዃኑ እዩ። ገንዘቡ ኣብዘይጠቅም ኣብክንዲ ምሕሻሽ ንድኻታት ብምሃብ: ዕሸር (ካብ ዝረኸቦ መሃያ ወይ ከኣ ምህርቲ ፍረ ካብ ዓሰርተ ሓደ ኢድ) ብምሃብ: ካብዚ ንላዕሊ'ውን ዘለዎ ንብረቱ ኾነ ገንዘቡ ንኽብሪ ኣምላኽ ብምልጋስ ዝነብር ሰብ እዩ።

ቁራስ ሕምባሻን ዓሳን ድማ: ንፁህ ብዝኾነ: ብህድኣትን ርእሱ ብምግዛእን ዝነብር ሰብ ምዃኑ የመልክተና። ብዘስክር መስተ ወይ ከኣ ፍንፉን ብዝኾነ መግቢ ሰብነቱ ኣየበላሽውን (ግብሪ ሃዋ 15፥20) ገንዘቡን ሰብነቱን: ብሲጋራ ወይ ከም ትምባኾን ሓሺሽን ዝመስሉ ነገራት ብምስታይ ኣይውድእን። ንምንታይ መቕደስ ኣምላኽ ምዃኑ ስለ ዝተረድአ እዩ። ስለዝኾነውን ፅሩይን ንሰብነት ዝጠቅም ጥዑይ ምግቢታት ይምገብ። ልቡ ቤት ፀሎት እዩ እሞ ብዝኾነ ኩነታትን እዋናትን ከየቋረፀ ናብ ቤት ፀሎት ይኸይድ: ፀሎት ኣዝዩ የፍቅር። ብዘይክኡ ምዕባይ ዘይከኣል ምዃኑ ስለዝፈልጥ ምስቤተሰቡ ኾነ በይኑ ኣብገዝኡን ኣብ ቤተ ክርስቲያን ካብ ምፅላይ ኣየቋርፅን።

ዝተገልፀ መፅሓፍ ድማ ዝነግረና: መፅሓፍ ቅዱስ ነዚ ሓቀኛ ክርስቲያን ዝበርሆን ዝተገልፀን ምዃኑ እዩ። ስለዚ'ውን በብመዓልቲ እናነበበን እናተምሃረን: ብርሃንን ሓይልን ጥበብን ዓቢ ሃብቲ ፀጋን ይረክብ: ቃል ኣምላኽ መገዲን መብራህቲን ኣብ ልዕሊ ዲያብሎስ'ውን ዓወት ዝረኸበሉ ሰይፊ ይኾኖ። ናይ ዕለት መንፈሳዊ እንጀርኡ (እንጌርኡ) ዘርዊ መስተ ህይወት: ዘፅርይ መሕፀቢኡ: መርአይ ሰብነቱ መስትያት ይኾኖ። ብዘይክኡ ሽልማት ከምዘይረከብ ይፈልጥ እዩ'ሞ መስቀል ምስካም ይፈቱ። ሓድሽ ናብራ ንኽነብር ምስክርስቶስ ምትንስኡ ስለዝተረድአ: ብልቡ ኣብ ሰማይ ዘሎ ሃብቱ የስተውዕል: ከም ኣብ ጥቓ ሩባ ዝተተኸለ ኦም ብእዋኑ ፍረይህብ (መዝ.1፥3) ኣእምሩኡ'ውን ኣብ ምድሪ ዘሎ ነገራት ከይኮነስ ኣብ ሰማይ ይነብር (ቆላ.3፥1-2) ምስ ኣምላኹ ክራኸብ ድልው ይኸውን። ከም ጨንፈር እሙን ወይኒ ብዙሕ ፍረ እናፍረየ ይነብር። ፍጹም ዝኾነ ፍቕሪ

Copyright ANGP

ኣምላኽ ብመንፈስ ቅዱስ ኣቢሉ ናብልቡ ስለዝፈስስ ፍርሃት (ፍርሒ) ሞት ኣይስምዖን።

## ዓ ሽራይ ስእሊ

የሱስ ከኣ ትንሳኤን ህይወትን ኣነ እየ: እቲ ብኣይ ዝኣመነስ እንተሞተ እኳ ብህይወት ክነብር እዩ። ነፍሲ ወከፍ ብህይወት ዘሎ እሞ ብኣይ ዘኣምን ከኣ ንዘለኣለም ኣይክመውትን እዩ በለ (ዮሃ 11÷25-26) እቲ ንቃለይ ዝሰምዖን በቲ ዝለኣኸኒ ዝኣምንን ናይ ዘለኣለም ህይወት ኣላቶ: ንሱ ኻብ ሞት ናብ ህይወት ተሳገረ እምበር: ናብ ፍርዲ ከምዘይበጽሕ ብሓቂ ብሓቂ እብለኩም ኣለኹ:» (ዮሃ.5÷24) ንሓቀኛ ክርስቲያን ሞት ዘፈርሕ ወይ ድማ መቕፃዕቲ ዘስዕብ ኣይኸውንን። ‹ሞት ብዓወት ተዋሕጠ ... ዎ ሞት ኣበይ ኣሎ ብልሕኻ: ኣታ ሲኦልከ ኣበይ ኣሎ ዓወትካ ... ግናኸ ነቲ ብጐይታና የሱስ ክርስቶስ ገይሩ ዓወት ዝህበና ኣምላኽ ስብሓት ይኹኖ› (1ይቲ ቆሮ. 15÷54-57) ምስጐይታ ዝነበረን ዝተጐዓዘን ሰብ ሞት ኬፍርሖ ኣይኽእልን: ጊዜ ሞቱ ምስበጽሖ ከምቲ ሃዋርያ ጳውሎስ ዝበሎ ሕጉስ ኮይኑ እዩ ዝኸይድ። ‹ንዓይ ኣዝዩ ዚሓይሽ እዩ እሞ: ክፋና ምስ ክርስቶስውን ክነብር ሃረርታ ኣሎኒ› (ፊሊ.1÷23) ክርስቲያን ነቲ ኣብ መስቀል ብምሟት ዋጋ ሓጢኣቱ ዝኸፈለሉ ጐይትኡ ንምርኣይ ይናፍቕ (ይህንጠይ) እዩ። መንፈስ ቅዱስ ከኣ ከምዚ እናበለ የዘኻኽሮ: «ልብኹም ኣይሸበር ብኣምላኽ እመኑ: ኣብ ቤት ኣቦይ ብዙሕ ማሕደር ኣሎ: እቲ እንተዘይህሉስ ምበልኩኹም ነይረ። ስፍራ ከዳልወልኩም እኸይድ ኣሎኹ: ከይደ ስፍራ ምስኣዳሎኹልኩም: ኣብቲ ኣነ ዘለኹዎ ንስኻትኩም’ውን ኣብኡ ምእንቲ ኽትኾኑስ ተመሊሰ ክመጽእ እየ እሞ ናባይ ክወስደኩም እየ:» (ዮሃ.14÷1-4)

‹እቲ ዓይኒ ዘይረአየቶ እዝኒ ኸኣ ዘይሰምዓቶ ኣብ ልቢ ሰብ ድማ ዘይተሓሰበ: ኣምላኽ ነቶም ዘፍቅሮም ኣዳለወሎም› (1ይቲ ቆሮ. 2÷9) ነቶም መገዲ (ኣሰር) ናይ ጐይታ የሱስ እናሰዓቡ ዝነበሩ ክርስቲያን ህዝቢ ዝተዳለወሎም ሰማያዊ ዓዲ: ዘለዎ ኽብሪ ንምግላፅ ዘኽእል ቋንቋ ኣብዛ ዓለም ኣይንረክብን። ኣብ ክንዲ ዘፍርሕ ዓፅሚ ናይ ሞት: ኣብዚ ስእሊ መልኣኽ ናይ ኣምላኽ ንሪኢ። እቲ መልኣኽ ነታ ንፅህቲ ነፍሲ ናብ ኣምላኽ ክመልሳ ይፅበይ ኣሎ። ነፍሲን መንፈስን’ውን: ካብ ማእሰርቲ እዛ መዋቲ ስጋ ሓራ ወፂኡ በቲ ዝተከፍተ መገዲ ሰማይ ናብቲ ዘፍቅሮን ዝሞተሉን ይድይብ። ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ድማ ሓጐስ ዝመልኦ ኣቀባብላ ብጐይታ የሱስ ይፀንሖ: ጐይታ’ውን ከምዚ ይብሎ «ኣታሕያዋይ እሙን ባርያ:

Copyright ANGP




10. ዝኸበረ ጕዕዞ ናብ ዘለኣለም ገዛ

ብሒደት ተኣሚንካ ኢኻ እሞ ኣብ ብዙሕ ክሸሙካ እየ: ናብ ሓጎስ ጐይታኻ እቶ:» (ማቴ.25፥21) ሸይጣን ኣብዚኣ ነፍሲ ሓደ እኳ መሰል (ግደ) ኣይክህልዎን። ‹ኮነ ድማ እቲ ድኻ ምስ ሞተ መላእኽቲ ናብሕቑፊ ኣብርሃም ወሰድዎ› (ሉቃ.16፥22) ካብ ሰማይ ከኣ ድሒፍ እቶም ካብ ሕጂ ብጐይታ ዚሞቱ ምዉታት ብጹኣን እዮም። እወግብርም ኪስዕቦም እዩ እሞ: ካብ ጻዕርም ኪዓርፉ እዮም: ይብል መንፈስ ዝብለኒ ድምጺ ሰማዕኩ› (ራእ.14፥13)

## መወዳእታ ምዕዶ

ክቡር ነባቢ (ኣንባቢ) ኣምላኽ ከምዚ እናበለ ይዛረበካ ስለዘሎ ‹ብኹሉ ልብኻ ናብ እግዚኣብሄር ተመለስ› (ዘዳ.30፥2) ነቲ ዘፍቅረካ ጐይታ ልብኻ ንክትህቦ: እግዚኣብሄር ክሕግዘካ ፀሎትና እዩ። በይዛኻ (በጃኻ) ነቲ ዝሓመመ ዝጉሃየን ዝደኸመን ልብኻ ንጐይታ የሱስ ሀቦ: ንሱ ኸኣ ሓድሽ ልቢን ኣእምሮን ክህበካ እዩ። በቲ ዜዕሹ ልብኻ ኣይትታለል: ትምኒቱ ከኣ ኣይትፈፅም: ምኽንያቱ ‹ካብቲ ውሽጢ ልቢ ክፉእ ሓሳብ ይወፅእ እዩ እሞ:› (ማር.7፥21) ሓጢኣትካ ፈንፍና እኖ ግደፎ: ነቲ ሓቂ ድማ ኣፀቢቕካ ሓዞ ‹ዓስቢ ሓጢኣት ሞት እዩ: ውህበት ጸጋ ኣምላኽ ግና ብክርስቶስ የሱስ ጐይታና ናይ ዘለኣለም ህይወት እዩ:› (ሮሜ 6፥23) ኣታ ንኣምላኽ ልብኻ ዝሃብካው'ን ‹ነቲ ኻባይ ዝሰማዕካዮ ጥዑይ ቃል ከኣ በቲ ኣብ ክርስቶስ የሱስ ዘሎ እምነትን ፍቅሪን ንምሳሌ ሓዞ (2ይቲ ጢሞ 1፥13) ጳውሎስ ኣብ 2ይቲ ጢሞ 1፥12 ከምዚ ኢሉ ፀሓፈ ‹ግናኸ ብመን ከምዝኣመንኩ እፈልጥ እየ: ነቲ ገንዘብ ሕድሪውን ክሳዕ እታ መዓልቲ እቲኣ ምሕላው ከምዝከኣሉ ተረዲኤዮ ኣለኹ እሞ ኣይሓፍርን እየ:› ስለዚ ክቡር ክርስቲያን ሓወይ ብእምነት ኣምላኽ እናተሃንፀካ ብሓይሊ መንፈስ ቅዱስ እናፀሊኻ ኣብ ፍቅሪ ኣምላኽ ተኣቢድካ ዐዒንትኻ ሓቕን ህይወትን መገዲን ካብ ዝኾነ ካብ ጐይታ የሱስ ከየርሓቕካ ደቂ ኣኪቡ ክወሰድ ቀልጢፉ ክመፅእ እዩ እሞ ክሳብ እዋን ምፅኣቱ ተዓጊስካ ተፀበዮ። ‹ንሱ ንጉስ ነገስታት ጐይታ ጐይተትው'ን እዩ› (1ይቲ ጢሞ.6፥15)

ነቲ ኻብ ውድቀት ዘበለ ኺሕልወኩም: ብሓጐስው'ን ብዘይ ነውሪ ኣብ ቅድሚ ኽብሩ ኪቘመኩም ዚከኣሎ: ነቲ ብየሱስ ክርስቶስ ጐይታና በይኑ መድሓኒና ዝኾነ ኣምላኽ ቅድሚ ኩሉ ዘመናትን ሕጅን ንኹሉ ዘለኣለምን ክብሪ: ግርማ: ሓይሊ ስልጣን ይኹኖ። ኣሜን› (ይሁዳ 24፥25)

Copyright ANCP

‹ነፍሲ ሐከፍ ሓጢኣት ዚገብር ምፍራስ ሕጊ እዩ ዝገብር: ሓጢኣት ምፍራስ ሕጊ እዩ እሞ›

‹ንሱ ንሓጢኣት ከርሕቖ ኢሉ ኸም እተገልጸ ትፈልጡ ኢኹም: ኣብኡ'ውን ሓጢኣት የልቦን:›

‹እቲ ኣብኡ ዝነብር ዘበለ ኹሉ ሓጢኣት ኣይገብርን እዩ። ነፍሲ ወከፍ ሓጢኣት ዚገብር ኣይረአዮን ኣይፈለጦን እውን:›

‹ደቀየ ሓደ እኳ ኣየስሕትኩም። ከምቲ ንሱ (ኣምላኽ) ጻድቕ ዝኾነ እቲ ጽድቂ ዚገብር ከኣ ጻድቕ እዩ:›

‹ዲያብሎስ ካብ መጀመርታ ሓጢኣት ይገብር እዩ እሞ: ሓጢኣት ዚገብር (እናፈለጠ ሓጢኣት ብምግባር ዝነብር ወይ ድማ ብንስሓ ተጣዒሱ ሓጢኣቱ ክገድፍ ዘይፈቱ) ካብ ዲያብሎስ እዩ። ወዲ ኣምላኽ ከኣ ግብሪ ዲያብሎስ ምእንቲ ኬፍርስ ኢሉ ኢዩ ነዚ እተገልጸ:›

‹ካብ ኣምላኽ እተወልደ ዘበለ: ዘርኡ ኣብኡ ይነብር እዩ እሞ ሓጢኣት ኣይገብርን እዩ: ካብ ኣምላኽ ስለ እተወልደ'ውን ሓጢኣት ኪገብር ኣይኩነሉን እዩ:›

‹ጽድቂ ዘይገብርን ንሓዉ ዘየፍቅርን ካብ ኣምላኽ ኣይኮነን: ውሉድ ኣምላኽን ውሉድ ዲያብሎስን በዚ እዮም ዝግለጹ›

(1ይቲ ዮሃ.3፥4-10)

Copyright ANGP

## A SPECIAL WORD FROM ANGP
## UN MONDE SPÉCIAL DE L'ANGP
## UMA PALAVRA ESPECIAL DA ANGP

**This booklet "The Heart of Man" is available in over 538 languages and dialects spoken throughout the world (Africa, Asia, The Far East, South America, Europe, etc.) Our Heart Book is now also available on cell phones, tablets, etc from www.angp-hb.co.za or as an APP "Heart of Man" on Android phones.**

**Le livre du "Coeur de l'homme" peut etre obtenu en plus de 538 langues et dialectes parles dans le monde entier, a savoir: Afrique, Amerique, Asie, Extreme Orient, Europe. Notre Livre du Coeur est maintenant aussi disponible sur votre Telephone cellular, plaques, etc. de www.angp-hb.co.za ou comme une Application "Heart of Man" sur telephones Android.**

**Este livro "O Coracao do Homem" e obtfdo em mais de 538 linguas e dialectos falados em todo o mundo, a saber: (Africa, Asia, America do Sul, Extremo Oriente, Europa, etc). O nosso Livro O Coração do Homem tambem esta agora disponivel em telefone celular, tablets, etc. de www.angp-hb.co.za ou como um aplicativo "Heart of Man" nos telephones celulares Android.**

**The 10 heart pictures contained in this booklet are also available in the form of large coloured picture charts (86 x 61cm) bound together in a set of 10 pictures. These "Heart Charts" can be obtained with European or African features and are particularly suitable to be used in conjunction with the Heart Book for class-teaching, open air evangelization etc. Kindly contact us to ascertain the latest subsidized price of this chart.**

**Les 10 images du coeur qui figurent dans ce livre peuvent etre obtenues en tableaux de couleur, format 86 x 61 cm, avec des physionomies europeennes ou africaines. Ils peuvent etre utilises en meme temps que le livre du coeur pour des classes bibliques, a**

Copyright ANGP

l'ecole du dimanche ou lors de reunions de plein air. Soyez aimable de nous contacter pour assurer les derniers prix en cours du tableau.

As 10 imagens do coracao, contidas neste livro podem ser obtidas num conjunto de 10 imagens em colorido no tamanho de (86 x 61 cm). Estes "Cartazes do Coracao podem ser obtfdos com caracterfsticas Europeias e Africanas e podem ser usados em conjuncao com o mesmo livro em classes de ensino biblico, evangelizacao ou ao ar livre. Agradeciamos que nos contacta- se para confirmacao do ultimo preco dos cartazes.



Kindly write to us if you are able to assist us with further translations of our free Gospel literature, informing us of the language into which you could translate this Gospel literature. Your assistance would be appreciated.

Copyright ANGP

If you have found salvation in Christ, or have been otherwise blessed through our Gospel literature, please let us know. We would like to thank God with you, and remember you further in our prayers.

Nous vous invitons a nous contacter pour faire des arrangements concernant de nouvelles traductions de notre litterature, nous informant de la langue dans laquelle vous pouvez traduire cette litterature evangelique. Votre aide sera beaucoup appreciee.

Si vous avez trouve le salut en Christ ou si vous avez ete beni par notre litterature, nous vous prions de nous le faire savoir. Nous aimerions remercier Dieu avec vous et prier pour vous.

Nos vos convidamos a nos contactar, afim de fazer qualquer arranjo concernente a novas traducoes de nossa literatura em outras Ifnguas. Vossa assistencia sera muito apreciavel.

Se tem encontrado a salvacao em Cristo, ou se tem sido abencoado por intermedio da nossa literatura evangelica, faca o favor de nos

informar. Pois nos gostarfamos de agradecer a Deus juntamente convosco, e lembra-lo sempre em nossas oracoes.

For free Gospel literature, books and tracts in over 538 languages, write to:

Pour obtenir gratuitement de la litterature evangelique, des livres et des traites en plus de 538 langues, ecrivez a:

Para obter gratuftamente a literatura evangelica, livros e folhetos em mais de 538 lfnguas diferentes escreva para:

E-MAIL: info@angp-hb.co.za
info@angp.co.za

**ALL NATIONS GOSPEL PUBLISHERS**
**P.O. Box 2191**
**PRETORIA**
**0001**
**R.S.A.**

Copyright ANGP

A Gospel Literature Mission financed by donations
Une Mission de litterature evangelique financee de dons
Missao de literatura Evanqelica financiada por donativos

(Reg. No. 1961/001798/08)